# ኢፕድ ወጋሕታ

4ይ ዓመት ቁፅሪ 11 16 ጥሪ 2016 ዓ.ም

ሓሙስ

ብር 10.00




# ሚኒስቴር ስራሕን ክእለትን ንስራሕ ፈጠራን ንምንቅቓሕ ዘፈር ማኑፋክቸሪንግን ብር 300 ሚሊዮን ሓገዝ ገይሩ

- ንልዕሊ 2ሽሕ መናእሰይ ከተማ መቐለ ስልጠና ተዋሂቦም

**ኣብርሃ ሓጎስን መኣርግ ገ/ሄርን**

ኣዲስ ኣበባ፡- ሚኒስቴር ክእለትን ስራሕን ኣብ ክልል ትግራይ ንስራሕ ዕድል ፈጠራን ከምኡ 'ውን ንምንቅቃሕ ዘፈር ማኑፋክቸሪንግ ዝውዕል ናይ 300 ሚሊዮን ብር ሓገዝ ገይሩ።ልዕሊ 2ሽሕ መናእሰይ ከተማ መቐለ ናብ ተግባራዊ ፈጠራ ዕድል ስራሕ ንምእታው ተግባራዊ ስልጠና ተዋሂቦም፡፡

ሚኒስቴር ስራሕን ክእለትን ካብ ዝገበሮ ሓገዝ እቲ 100 ሚሊዮን ብር ንስራሕ ዕድል ፈጠራ መናእሰይ እቲ ክልልን ከምኡ 'ውን 200 ሚሊዮን ብር ንምንቅቃሕ ዘፈር ማኑፋክቸሪንግን ከምዝውዕል ፀብፃብ ግልጋሎት ዜና ኢትዮጵያ ሓቢሩ።

ሚኒስትር ስራሕን ክእለትን ወይዘሮ ሙፍርያት ካሚል ብመንግስቲ ፌደራልን ዓለም ባንክን ድጋፍ ዝግበረሉ ፕሮጀክት ህንፀት ዓቅሚ መናእሰይ ትግራይ ናይ ሓደ ማእኸል ስልጠናን ስራሕ ዕድል ፈጠራን'ውን ኣብ ከተማ መቐለ ኣጀሚረን።

እተን ሚኒስትር ኣብቲ ናይ መጀመሪ ስነ ስርዓት

ሚኒስቴር...ናብ ገፅ 6

# መዕርፎ ነፈርቲ ሃፀይ ዮሃንስ 4ይ ኣኽሱም ኣብ ወርሒ ግንቦት ንበረራ ክፍቲ ከምዝኸውን ተገሊፁ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ጉድኣት ዝበፅሖ መዕርፎ ነፈርቲ ሃፀይ ዮሃንስ ራብዓይ ኣኽሱም ስራሕቲ ፅገና ድሕሪ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ከምዝዛዘም ሓላፊ መሰረተ ልምዓት መንገዲ ኣየር ኢትዮጵያ ኣይተ ኣብይ ዘበነ ገሊፆም።

እቶም ሓላፊ ብቕድሚ ትማሊ ኣብቲ መዕርፎ ነፈርቲ ዑደት ድሕሪ ምግባር፣ ምስ ሰራሕተኛታት እቲ ፕሮጀክት፣ ዝተፈላለዩ ክፋላት ሕብረተሰብን ነበርቲ ከተማ ኣኽሱምን ዘቲዮም።



ብትካል ኮንስትራክሽን ንኡድ 25 ታሕሳስ 2016 ዓ/ም ዝተጀመረ ስራሕቲ ፅገና፣ ኣብዚ ሕዚ እዋን ዘድልዩ ሰብ ሞያ፣ ነቲ ስራሕ ዘሳልጡ ማሽነሪታት ተዳልዮም ናብ ተግባር ከምዝተኣተወ ተገሊፁ።

ዝለዓለ ትኹረት ዝተገበረሎም ስራሕቲ ዲዛይን ተዛዚሞም ኣብ ዝሓፀረ እዋን ተግባራዊ ስራሕ ከምዝጅመር ኣይተ ኣብይ ገሊፆም።

ስራሕቲ ፅገና እቲ መዕርፎ ነፈርቲ 25 ግንቦት 2016 ዓ/ም ከምዝዛዘምን ንበረራ ክፍቲ ከምዝኸውንን ዝሓበሩ እቶም ሓላፊ፣ እዚ ዕውት ክኸውን ደገፍ ህዝብን ምምሕዳርን ከምዘድሊ ተዛሪቦም።

መካየዲ ስራሕ ፅገና ፕሮጀክት ንኡድ ኮንስትራክሽን ኣይተ መሓመድ ዓብዱ ብግደኦም፣ እቲ ስራሕ ብዝድለ ፅሬት ኣብ ዝተተሓዘሉ እዋን ንምዝዛም ዘኽእሉ ምድላዋት ከምዝተወገኑ ገሊፆም።

# ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ሱማሊላንድን ብሂብካ ምቕባል መትከል ዝተገብረ ስምምዕነት ግቡእ ምኳኑ ተገሊፁ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ሱማሊላንድን በሂብካ ምቕባል መትከል ስምምዕነት በሪ ባሕሪ ምርካብ ግቡኡን መሰል ኢትዮጵያ ከምዝኾነን ንተግባራዊነቱ ኩሉ ክረባረብ ከምዝግባእን ተገሊፁ፡፡

ምኽትል ኣቦ ወንበር ትግራይ ዴሞክራስያዊ ፓርቲ (ትዴፓ) ኣይተ መስፍን ደሳለኝ ንጋዜጣ ወጋሕታ ከምዝገለፅዎ፤ መንግስቲ ድሌት በሪ ባሕሪ ኢትዮጵያ ኣብ ዝሓፀረ እዋን ናብዚ ደረጃ ስምምዕነት እዚ ክበፅሕ ምኽኣሉ ኢትዮጵያ እትኽተሎ ዘላ ዲፕሎማስያዊ መንገዲ ትኽክል ብምኳኑ 'ዩ ዘርእየካ፡፡ እዚ ናብ ተግባር ንምቕያር ድማ ኩሉ ኢትዮጵያዊ ኣብ ጎኒ መንግስቲ ጠጠው ክብል ኣለዎ፡፡

እቲ ስምምዕነት ኢኮኖሚያዊ ሕቶ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብዓብይኡ ዝምልስ 'ዩ ዝበሉ ኣይተ መስፍን፣ ብፍላይ

ኣብ መንጎ...ናብ ገፅ 6



# ‹‹ከም ሃገር ዘጋጠሙና ፀገማት ንምፍታሕ ምኽክርን ዘተን ምቕዳም ይግባእ››

- ኮምሽን ሃገራዊ ምኽክር ዶ/ር ዮናስ ኣዳዩ

**መሰረት ገብረዮሃንስ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ከም ሃገር ዘጋጠሙና ፀገማት ንምፍታሕ ምኽክርን ዘተን ኣብ ምቕዳም ትኹረት ክንገብር ከምዝግባእ ኮምሽን ሃገራዊ ምኽክር ኢትዮጵያ ኣፍሊጡ፡፡

«ከም ሃገር...ናብ ገፅ 6




ገፅ 4 ‹‹ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ስራሕቲ ዕቀባ ሓመድን ማይን ልምዓት ትኹረት ተዋሂብዎም ኣሎ›› - ሚኒስቴር ግብርና ፌዴሪኢ

ገፅ 5 ‹‹ኢትዮጵያ በሪ ባሕሪ ንምጥቃም ምስ ሱማሊላንድ ምፍርራማ ንዝኾነ ሃገር ዝጎእ ኣይኮነን›› -ኣይተ መስፍን ደሳለኝ

ወጋሕታ **ዜና**

# ዘጋጥሙና ዘለዉ ተደጋገምቲ ሓደጋታት ድርቂ ብዘላቕነት ንምፍታሕ ምርብራብ ከምዘድሊ ተገሊፁ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ትግራይ ምስ ሕፅረት ዝናብ ተተሓሒዞም ዘጋጥሙና ዘለዉ ተደጋገምቲ ሓደጋታት ድርቂ ብዘላቕነት ንምፍታሕ ምርብራብ ከምዘድሊ ተገሊፁ፡፡

እዚ ዝተገለፀ “ወፍሪ ዕቀባ ሓመድን ማይን ንዘላቒ ቁጠባዊ ውሕስናና” ብዝብል መራሒ ሓሳብ ብብርኪ ክልል ብቢሮ ሕርሻ ትግራይ ኣብዚ ሰሙን ክሳለጥ ኣብዝቀነየ መድረኽ ‘ዩ፡፡




ኣብቲ እዋን ፕረዝደንት ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ኣይተ ጌታቸው ረዳ ከምዝበልዎ፣ እዚ መድረኽ ዓብይ ‘ዩ። ምኽንያቱ ንሰለስተ ኣርባዕተ ዓመታት ብኲናት ኣዝዩ ዝተሃሰየ ሴክተር ሕርሻ ኣለና። በቲ ኲናት ስዒቡ ሓረስታይ ከይተረፈ ኣዝዩ ዝተዳኸመሉ ‘ዩ፡፡ ሕዚ ገጢሙና ዘሎ ፀገም ተፈጥሮ ዘምፀኦ ጥራሕ ዘይኮነስ ኲናት ‘ውን ምኺኑ ተረዲእና ኣብ ልምዓትና ኣሐይልና ከንንቐሳቀስ ይግበአና ክብሉ ገሊፆም።

ሐዚ እቲ እንኮ ኣማራፂ እቲ ዝተሃሰየ ቁጠባዊ ዓቕምና ቀልጢፉ ክሓዊ ዝኽእለሉ ዘላቒ ስራሕቲ ልምዓት ከረጋግፀልና ብዝኽእል መንገዲ መሰረት ገይርና ስራሕትና ክነሳልጥ ግድን ከምዝኾነ ሓቢሮም።

መንግስቲ ትግራይ ነዚ ሕርሻዊ ማእቶት ዝምረሐሉ ዝነበረ መንገዲ ብዝተዓፃፀፈን ብዘሐሸ ሰሌጤን ንምፍፃም ዘኽእለና ዓቕሚ ክንፈጥርን ኣብኡ ተመስሪትና ኲሎም ዓቕምታትና ብዝተወደበ ምንቅስቓስ ገይርና ቅልጡፍ ለውጢ ክነምፅእን ክንረባርብ ኣለና ዝበሉ ኣይተ ጌታቸው፣ ኣብ ሃፍቲ እንስሳ ይኹን ሕርሻዊ ስራሕትና ብዝተኸኣለ መጠን ዘሎ ቴክኖሎጂ ተጠቒምና ኣብቲ ዝሓለፈ ሰለስተ ኣርባዕተ ዓመታት ዝተፈጠረ ክሳራ ንምክሕሓስ ክንሰርሕ ኣለና ክብሉ ኣገንዚቦም።

ኣብቲ ተጀሚሩ ዘሎ ወፍሪ ድማ ብቐፃልነት ወፍሪ ዕቀባ ሓመድን ማይን መሰረት ብምግባር ኣብ ኲሎም ምንቅስቓሳት ሰለጤን ብዘለዎ መንገዲ ውፂኢት ክነምፅ ይግበኣና ዝበሉ ኣይተ ጌታቸው፣ ልዕሊ ኲሉ ግና ኲሎም ዓቕምታት ብምውዳድ ህዝብና ናብ ዝሐሸ ብርኪ ከነብፅሖ ኲሉ በቢብርኩ ክረባረብ ይግባእ ክብሉ ኣታሓሳሲቦም።

ሓላፊ ቢሮ ሕርሻ ትግራይ ዶ/ር ኢያሱ ኣብርሃ ብወገኖም፣ ድሕሪ ስምምዕነት ፕሪቶርያ ምኽታሙ ዋላኳ ድምፂ ጥይት ጠጠው ይበል ሐዚ ‘ውን ህዝብና ኣብ ከቢድ ፀገም ይርከብ፤ ብሓደ ወገን እቲ ገጢሙና ዘሎ ተደራራቢ ሓደጋታት ብዘላቕነት እንፈትሐሉን ንዘላቒ ስራሕቲ ልምዓት እንረባረበሉን እዋን ኢና ዘለና ክብሉ ገሊፆም።

ዓርሰ ሙርኮሳ መሰረት ዝገበረ ሃፍቲ ተፈጥሮን ስራሕቲ ሕርሻን ኣጠናኺርና ምውሳድ ብቐንዱ ድማ ወፍሪ ዕቀባ ሓመድን ማይን ዘላቒ ቁጠባዊ ውሕስናና ኢልና እነካይዶ ናይዚ ዓመት ናፃ ወፍሪ ዕቀባ ሓመድን ማይን ከባብያዊን ሞራላውን ፖለቲካ ትሕዝትኡን ዓቂብና ብዝተቐመጠሉ መጠን፣ፅሬትን ሰለጤንን ንምዕቃብ ዘጋጠሙና ፀገማት ድርቅን ጥምየትን ብዝፈትሕ መንገዲ ንምፍፃም ለይትን ቀትርን ምርብራብ ከምዝግባእ ተዛሪቦም።


ብተወሳኺ ኣብ ፍርያትን መፍረይነትን ልምዓት መስኖ ማለት ‘ውን ማይ መሰረት ዝገበረ ሕርሻ ምልዕዓል ቀዳማይ ዙር ኣጠቓሊልና ንካልኣይ ዙር ምንቅስቓስ ልምዓት ጀሚርናዮ ኣለና፤ እዞም ተደራረብቲ ፈተናታት ብዘላቕነት ንምፍታሕ ስራሕቲ ሓምለዋይ ልምዓት፣ ምክልኻል ብርሰት ደኒ ዘጠናኽር፣ ሕፅረት ጠልን ማይን ብመሰረቱ ዝፈትሕ ፍረርያትን መፍረይነትን ሃፍቲ እንስሳ ዘውስኽ ፣ ስራሕቲ ከተማ ሕርሻ ዘቀላጥፍ፣ ቀፃላይ መደብና ዓቕሚ ምፍራሕ መካናይዜሽን ከፈፅም ዝገብር ኣካይዳ ክህልው ከምዝግባእ ኣረዲኦም።

ኣብ መወዳእታ ኣብ ውሽጥን ደገን ዝርከብ ህዝብና ከምኡ ‘ውን ማሕበረሰብ ዓለም፣ ፌደራል መንግስትን ናይዚ ገጢሙና ዘሎ ጥምየት ዝወለዶ ሓደጋ ሞት ንምቕናስ ብውነ ተረዲኦም ዝጀመርናዮ ውሱን ምንቅስቓስ ኣጠናኺርና ኣብ ምኻድ ዓቕሞም ፀንቂቖም ክሕግዙን ነዞም ፀገማት ብዘላቕነት ንምፍታሕ ኣብ ምሕጋዝ ስትራቴጂካዊ መፍትሕታት ኣብ ምቕማጥ ‘ውን ክድግፉን ፃውዒት ኣቕሪቦም።

ተሳተፍቲ እቲ መድረኽ ብግደኦም ብዙሓት ነጥብታት ዘልዓሉ እንትኾኑ ብፍላይ መሓውራት ወዲብካ ናብ ስራሕ ኣብ ምእታው ምስቲ ኣብ ትግራይ ዝነበረ ኲናት ተተሓሒዙ ዝሐሸ እኳ እንተኾነ ሕዚ ‘ውን ዝተርፉ ነገራት ስለዘለዉ፣ሕፅረት እታወታት፣ ደገፍን ክትትልን ኣብ ምግባር፣ውሱንነት ባጀት ዝመሳሰሉ ፀገማት ክንስርሐሎም ይግባእ ኢሎም፡፡

ኣብ ስራሕቲ መስኖ ብኣግባቡ ተወዲብና ክንኣቱ ከም ዝግባእን ወፍሪ ዕቀባ ሓመድን ማይን በቢከባቢና ህዝብና ወዲብና ናብ ተግባር ክኣቱ፣ ብሓፈሻ ዓቕሚ ህዝብና ብምውዳድ በቲ ሐዚ ዘሎ ወድዓዊ ዓቕምና ተጠቒምና ናብ ስራሕ ክንኣቱ ይግባእ ክብሉ ኣታሓሳሲቦም ክብል ቢሮ ጉዳያት ኮሙዩኒኬሽን ትግራይ ፀብፂቡ፡፡

---




# መንገዲ ኣየር ኢትዮጵያ ንኻልኣይ ወለዶ ኢትዮጵያውያን ናፃ መደብ ዑደት ኣዳሊዉ

• ኣብ ትኬትን ሆቴልን ካብ 15 ክሳብ 20 ሚኢታዊ ነክዩ

**በሪሁ ኣረጋ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ንኻልኣይ ወለዶ ኢትዮጵያውያን ናፃ መደብ ዑደት ከምዘዳለወ መንገዲ ኣየር ኢትዮጵያ ኣፍሊጡ። ኣብ ትኬት ትራንስፖርት ኣየርን ኣብ ግልጋሎት ሆቴልን ካብ 15 ክሳብ 20 ሚኢታዊ ናይ ዋጋ ቅነሳ ከምዝገበረ ተገሊፁ።

ዋና ሓላፊ ዘፌር ንግዲ ጉጅለ መንገዲ ኣየር ኢትዮጵያ ኣይተ ለማ ያደቻ ብቅድሚ ትማሊ ኣብ ዝሃብዎ መግለፂ ከምዘመላኸትዎ፤ ፃውዒት ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ተቐቢሎም ንዝመፁ ኻልኣይ ወለዶ ኢትዮጵያውያን ብናፃ መደብ ዑደት ተዳሊዉ።

ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ዝርከቡ መባፅሕታት ቱሪስት መደብ ዑደት ከምዝተዳለወ ብምሕባር፤ ልዕሊ ሓደ ሚኢቲ ኣጋይሽ ምሉእ ወፃኢኦም ተሸፊኑ ንሓደ መዓልቲ ዑደት ከተማ ከምዝገብሩ ተዛሪቦም።

ናብ መርሃ ግብሪ ዑደት ኻልኣይ ወለዶ ኢትዮጵያውያን "ኢቲ ሆሊደይስ" እቲ መንገዲ ኣየር ንምሕዋስ ብዝተዳለወ መርበብ ሓበሬታ ኣቢልካ ብምምዝጋብ ምስታፍ ከምዝከኣል ኣፍሊጦም።

እቲ ዑደት ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተሰርሑን እናተሰርሑ ዝርከቡን መስሕባት ቱሪስት ንምፍላጥ ከምዝሕግዝ ብምሕባር፤ ኣብቲ ዑደት ኻልኣይ ወለዶ ኢትዮጵያውያን ብዛዕባ ሃገሮም ዝሓሸ ግንዛበ ንክህልዎም ፃዕሪ ክግበር 'ዩ ኢሎም።

ንኻልኣይ ወለዶ ኢትዮጵያውያን ካብ ክፍሊት ትኬት ጉዕዞን ግልጋሎት ሆቴል ስካይላይትን ካብ 15 ክሳብ 20 ሚኢታዊ ምንካይ ከምዝተገበረ ዝገለፁ እቶም ሓላፊ፤ ነቲ ምንካይ ዋጋ ተጠቂሞም ብርክት ዝበለ ቑፅሪ ዘለዎም ኣጋይሽ ብበረራ እቲ መንገዲ ኣየር እናመፅኡ ምኺኖም ተዛሪቦም።

ነቲ ሃገራዊ ፃውዒት ተቐቢሎም ብርክት ዝበለ ቑፅሪ ዘለዎም ኣባላት ዳያስፖራ ኻልኣይ ወለዶ እናመፅኡ ከምዝርከቡ ብምምልካት፤ ብመሰረት እቲ ፃውዒት ኣብ ቐፃሊ ምዕራፍ ንምምፃእ ዝተዳለዉን ዝተመዝገቡን ምህላዎም 'ውን ሓቢሮም።

እቲ መንገዲ ኣየር ነቶም መንገደኛታት ዝተፈላለዩ ኣቑሑት ብምጉዕዓዝ ግልጋሎታት ሆቴል ከምዝህብ ዝገለፁ ኣይተ ለማ፤ ናብ ውሽጢ ዓዲ ዝመፁ ኣባላት ኻልኣይ ወለዶ ኢትዮጵያውያንን ስድራ ቤቶምን ተጠቀምቲ እቲ ምንካይ ዋጋ እናኾኑ ይርከቡ ክብሉ ኣረዲኦም።

ብተወሳኺ 'ውን እቲ መንገዲ ኣየር ኣብ ወፃኢ ሃገር ንዝነብሩ ኻልኣይ ወለዶ ኢትዮጵያውያን ኣድላዪ ድጋፍ ከምዝገብር ብምግላፅ፤ ናብ ሃገሮም ንኽመፅኡን ዑደት ንኽገብሩን 'ውን ፃውዒት ኣቕሪቦም።

ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ንኻልኣይ ወለዶ ኢትዮጵያውያን ብዘቕረብዎ ፃውዒት መሰረት ብርክት ዝበሉ ዜጋታት እናመፅኡ ከምዝርከቡ ዝፍለጥ 'ዩ።

---

# መናእሰይ ኣምባሳደር ሰላም ኮይኖም ኣብ ህንፀት ሃገር ግደኦም ክፃወቱ እናተሰርሐ ‘ዩ

• ክሳብ ሓዚ 50 ሽሕ ኣብቲ ፕሮግራም ተሳቲፎም ‘ዮም

**ኣብርሃ ሓጎስ**

ኣዲስ ኣበባ፡- መናእሰይ ኣምባሳደር ሰላም ኮይኖም ኣብ ህንፀት ሃገር ግደኦም ክፃወቱ እናተሰርሐ ከምዝኾነ ሚኒስቴር ሰላም ኣፍሊጡ። ክሳብ ሓዚ 50 ሽሕ ዝኾኑ ኣብቲ ፕሮግራም ከምዝተሳተፉ ተገሊፁ።

ሚኒስትር ሰላም ኣይተ ብናልፍ ኣንዱኣለም ከምዝገለፅዎ፤ መናእሰይ ኣምባሳደር ሰላም ኮይኖም ኣብ ህንፀት ሃገር ግደኦም ንክፃወቱ ስልጠና ክወሃቦም ‘ዩ።

ብዘይ ንቑሕ ተሳትፎ መናእሰይ መፃኢ ዕድል ሃገር ዝሐሸ ምግባር ኣይክኣልን ዝበሉ ኣይተ ብናልፍ፤ እቲ ፕሮጀክት መናእሰይ ገበርቲ ሰናይ ስልጠና ብምውሳድ ኣብ ሕንፀት ሃገር ንቑሕ ተሳታፊ ንክኾኑ ዘኽእል ‘ዩ ኢሎም።

እቲ ፕሮጀክት ካብ ኲለን ክልላት ዝተወፅተኡን ላዕላዋይ ትምህርቲ ዝዛዘሙ መናእሰይ ከምዝሳተፉ ብምሕባር በቲ ዝተዳለወ ካሪኩለም መሰረት ኣብ ዝተፈላለዩ ናይታ ሃገር ዩኒቨርሲቲታት ውሽጢ ንሓደ ወርሒ ዝኣክል ከምዝሰልጥኑ ገሊፆም።

ነቲ ስልጠና ዝወሰዱ መናእሰይ ንሽዱሽተ ወርሒ ካብ ክልሎም ወፃኢ ኣብ ዝርከቡ ክልላት ፃንሒት ክገብሩ ‘ዮም ዝበሉ እቶም ሚኒስትር፤ ኣምባሳደር ሰላም ብምዃን ኣብ ዝኸድዎ ክልል ምስቲ ህዝቢ ንክሰርሑ ክግበር ‘ዩ ኢሎም።



ኣይተ ብናልፍ ኣንዱኣለም

ሚኒስቴር ሰላም ላዕላዋይ ትምህርቶም ዝዛዘሙ መናእሰይ ወለንታውያን ንሃገራዊ ዓላማ እናሰልጠነ ከምዝርከብ ብምግላፅ መንእሰይ ናይታ ሃገር ፅቡቓት እሴታት ፈሊጦም ንህንፀት ሰላም ብፅሒቶም ንክዋፅኡ ዘኽእል ምዃኑ ኣረዲኦም።

እቲ ትካል ነዚ ተግባር ምስራሕ ካብ ዝጅምረሉ እዋን ጀምሩ ክሳብ ሐዚ 50 ሽሕ መናእሰይ ኣብቲ ፕሮግራም ምስታፎም ብምምልካት፤ እቲ ፕሮግራም ልዑል ሃገራዊ ተልእኮ ዘለዎ ብምዃኑ ብስፍሓት ዝስርሓሉ ምዃኑ ገሊፆም።

መናእሰይ ናይ መጀመርያ፣ ካልኣይ ብርክን ዩኒቨርሲትን ትምህርታቶም ኣብ ዘለውዎ ክልል እንትምሃሩ ከምዝርአ ብምሕባር እዚ ድማ ካብ ክልሎም ወፃኢ ካሊእ ክፋል ኢትዮጵያ ንከይፈልጡ ምግባሩ ገሊፆም።

እቲ ፕሮግራም መናእሰይ ናይ ህዝብታት ባህሊ፣ ቋንቋ፣ ሥነ ልቦናን ንክፈልጡ ዕድል ይፈጥር ‘ዩ ዝበሉ እቶም ሚኒስትር፣ ብፍላይ ኣመለኻኽታ፣ ክእለትን ሞራልን ኣብ ምህናፅ መናእሰይ ሓደ ንናይ ካሊእ ባህልን ፀጋን ንክግንዘብ ዝገብር ‘ዩ ኢሎም።

ሃገር ዝህነፅ ኲሉ ነናይ ባዕሉ ሓፁር ብምሕፅር እንተይኮነስ ሓባርነት እናጠናኸርካ ብምኻድ ምዃኑ ብምግላፅ እቲ ፕሮግራም ሃገራዊ ሓድነትን ማሕበራዊ ምትእስሳርን ንምጥንኻር ዓብዪ ግደ እናገበረ ከምዝርከብ ኣመልኪቶም።

ብተወሳኺ ኣምባሳደር ሰላም ዝኾኑ ምናእሰይና ኣሰልጢንካ በቢክልሉ ብምስምራይ ተጠናኺሩ ከምዝቅፀል ገሊፆም።

# ርእሰ ኣንቀፅ

## ንዳግመ ሕውየት ትግራይ ዝግበር

## ሓገዝ ኣብ መዓሉ ክውዕል ይግባእ

ኣብ ክልል ትግራይ ንሰለስተ ዓመታት ብዝፀንሐ ከቢድ ኲናት ስዒቡ ኣብ ህይወት ሰባት፣ እንስሳትን ናውትን ብዙሓት ጉድኣታት በፂሖም 'ዮም፡፡ ኮይኑ ግና መንግስቲ ፌዴራል ድሕሪ ስምምዕነት ሰላም ፕሪቶርያ ነቲ ብሰንኪ ኲናት ስዒቡ ኣብ ዝተፈላለዩ መሰረተ ልምዓታት ዝበፅሐ ዕንወት ንምምላስ ኢሉ 'ውን ሓደሽቲ መሰረተ ልምዓታት ንምስላጥ ኣብ ምንቅስቃስ ከምዝርከብ ዝፍለጥ 'ዩ፡፡

መንግስቲ ፌዴራል ምስ ግዝያዊ ምምሕዳር እቲ ክልል ብምትሕግጋዝ ዓንዮም ዝነበሩ ከም መዕርፎ ነፈርቲ፣ ኣብያተ ትምህርቲ፣ ጥዕና፣ ቱሪዝም ከምኡ 'ውን ካልኦት ዘፈራት ናብ ዝነበርዎ ንምምላስ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ እናሰርሐ መፂኡ 'ዩ፡፡ ሕዚ 'ውን እናሰርሐ ይርከብ፡፡

ኣብዚ ሰሙን እዚ ጥራሕ እኳ እንተሪእና ሚኒስቴር ክእለትን ስራሕን ፌዴሪኢ ኣብ ክልል ትግራይ ንስራሕ ዕድል ፈጠራን ከምኡ 'ውን ንምንቅቓሕ ዘፈር ማኑፋክቸሪንግ ዝውዕል ናይ 300 ሚሊዮን ብር ሓገዝ ገይሩ 'ዩ። ብመንግስቲ ፌደራልን ባንኪ ዓለምን ድጋፍ ህንፀት ዓቅሚ መናእሰይ ትግራይ ናይ ሓደ ማእኸል ስልጠናን ስራሕ ዕድል ፈጠራን ዝፈጥር ስለዝኾነ ንዚ ሓገዝ ብዝግባእ ኣብ መዓሉ ምውዓል የድሊ፡፡

እቲ ሓገዝ ተዛሓሒሉ ንዝፀንሐ ዕድል ስራሕ መናእሰይ እቲ ክልል ብዓብይኡ ዝሕግዝ ስለዝኾነ ብፍላይ ብሰንኪ ስእነት ስራሕ ናብ ስደት ዘምርሕ ዘሎ መንእሰይ ኣብ ዓዱ ንከባቢኡ ብምልማዕ ንበዓሉ ተረቢሑ ንማሕበረሰብ ክጠቕም ዝሕግዝ 'ዩ፡፡

ካብቲ ሓገዝ ብር 100 ሚሊዮን ንክልተ ሽሕ መናእሰይ ስራሕ ዕድል ፈጠራ፤ ብር 200 ሚሊዮን ድማ ንፕሮጀክት ስራሕ ሰለስተ ሽሕ ኣናእሽተይን ማእኸላይን ዘፈራት ማኑፋክቸሪንግ ንምንቅቓሕ ዝውዕል እንትኾን እዚ ድማ ኣብቲ ክልል ዝህልዎ ኣወንታዊ ግደ ዓብዪ ምዃኑ ብምርዳእ ዝመልከቶም ኣካላት በዝግባእ ኣብ ረብሓ ከውዕልዎን ኢኮኖሚ ክልል ትግራይ ዝያዳ ዝተነቓቕሐ ንክኸውን ክገብሩ ኣለዎም፡፡

እዞም ዝግበሩ ዘለዉ ሓገዛት መንግስቲ መንእሰይ ትግራይ ኣብ ዝሓለፉ 3 ዓመታት በቲ ዝነበረ ኲናት ስዒቡ ኣብ ዝኸፍአ ኲነታት ከምዝርከቡ ብምርዳእ 'ዩ፡፡ ቐፃሊ ተስፋ ትግራይ ንምግሃድ ግደ መናእሰይ ልዑል ከምዝኾነ ብምርዳእ ቐፃላይ ዳግመ ሕውየት ትግራይ ንምርግጋፅ ንመናእሰይ ትኹረት ብምሃብ ክስራሕ ዝግበኦም ስራሕትታት እናተሰርሑ 'ዮም፡፡

ኣብ ትግራይ ብምኽንያት እቲ ኹናት ካብ ስራሕ ወፃኢ ዝነበራ ኢንተርፕራይዛት መሊሰኻ ናብ ስራሕቲ ንምእታውን መናእሰይ ተጠቀምቲ ስራሕ ዕድል ንምግባር ዘኽእሉ ስራሕቲ ኣብ ቀፃላይ 'ውን ተጠናኺሮም ክቕፅሉ ይግባእ፡፡

ተጠቃሚነት ስራሕ ዕድል መናእሰይ ብምዕባይ ሐዚ ኣብ ትግራይ ዝረአ ዘሎ ዘይሕጋዊ ፍልሰት መናእሰይ ጠጠው ንምባል ዝሕግዝ 'ዩ፡፡ ከም መንግስቲ፣ መናእሰይ ትግራይ ኣብ ዓዶም ሰሪሖም ንክልወጡ ኣድላይ ስራሕቲ እናሰርሐ 'ዩ፡፡ ብምዃኑ እቶም መናእሰይ ብወገኖም ንዚ ዕድል ብምጥቃም ኣብ ሃገሮም ሰሪሖም ዝልወጥሉ ኲነታት ክፈጥሩ ይግባእ፡፡ በዚ ድማ ኢኮኖሚ እቲ ክልል ንከሓዊ እጃሞም ክዋፅኡ ኣለዎም፡፡

ብሚኒስቴር መሰረተ ልምዓት ከተማ ፌዴሪኢ 'ውን 158 ሚልዮን ብር ዝግመቱ ናይ ቢሮ ኣቕሑት ንቢሮ ልምዓት ከተማን ኮንስትራክሽንን ክልል ትግራይ ሓገዝ ተገይሩ 'ዩ፡፡ እቲ ሓገዝ ኣብቲ ክልል ኣብ ውሽጢ ሴፍቲኔት ፕሮግራም ንዝሳለጡ ስራሕቲ ዝሕግዙ መሰራሕታት ኣቑሐት ዘካተተ ኮይኑ መንግስቲ ኣብዚ ዓመት ኣብቲ ክልል ፕሮግራም ሴፍቲኔት ንምቕፃል መደባት ሒዙ እናተንቐሳቀሰ ምዃኑ ዘመልክት'ዩ፡፡ ስለዚ እዚ ተግባር 'ውን ኣጣናኺሩ ክቕፅለሉ ይግባእ፡፡

ንዳግመ ሕውየት ትግራይ ዝግበሩ ዘለዉ ሓገዛት ኣብቲ ክልል መናእሰይ ስራሕ ዕድል ክረኽቡን፣ ማኒፋክቸሪንግ እቲ ክልል ንክነቓቓሕን ከምኡ 'ውን ፕሮግራም ሴፍቲኔት ልምዓት ከተማ ንምጅማር ዘኽእል ስለዝኾነ እቶ ሓገዝ ብዝግባእ ኣብ መዓሉ ምውዓልን ምጥቃም ይግባእ፡፡ ንዚ ድማ ኩሉም ዝምልከቶም ኣካላት ግቡኦም ክዋፅኡ ግድን ይኸውን፡፡


## ወጋሕታ

ኢፕድ

3 ሕዳር 2013 ዓ.ም ተመስሪታ

**ዋና ስራሕ ፈፃሚ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ**
ቁፅሪ ስልኪ - 011-126-42-22
ኢሜል ፦ epa@press.et

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ፍቃዱ ሞላ

**ኣድራሻ**
የካ ክ/ከ
ወረዳ 14
ቁፅሪ ገዛ 520/20
ኢሜይል - fekadumola@press.et
ቁፅሪ ስልኪ - 011-1-56-98-75

**ኣሰናዳእቲ**
ማዕረግ ገ/ሄር
መሰረት ገ/ዮሃንስ
ኣብርሃ ሓጎስ

**ዘፈር ልምዓትን ዕዳጋን ፕሮሞሽን**
ኢሜይል - epapromotion@press.et
ቁፅሪ ስልኪ - 011-126-43-41
ፋክስ - 011-811-13-15

**ክፍሊ መቐበሊ ምልሳይ**
ቁፅሪ ስልኪ - 011-156-98-73
ፋክስ - 011-126-58-12

**መተሓባበሪ ምልሳይ ዕዳጋ**
ቁፅሪ ስልኪ - 011-1-26-43-39

**መከፋፈሊ**
ቁፅሪ ስልኪ - 011-157-02-70


# ናፃ ሓሳብ

እዚ ዓምዲ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ጉዳያት ዜጋታት ናፃ ሓሳቦም ዝህብሉ እዩ፡፡ ኣብዚ ዓምዲ ዝወፅኡ ፅሑፋት ናይ ክፍሊ ምስንዳእ ቀዋሚ ኣይኮኑን፡፡

## ዘፈር ቱሪዝም ትግራይ ኣብ ምንቅቃሕ ንረባረብ

**መሰረት ገብረዮሃንስ**

ህዝቢ ትግራይ በቲ ዝነበረ ጎንፂ ምኽንያት ንዓመታት ገዝኡ ጋሻ ሓሪምዎን ብልዐለይ ስተየለይ ዝብል ናይ ትግራዋይ መግለፂ ተሸፊኑ ብኣንፃሩ ንዓርሱ በሊዑ ንምሕዳር 'ውን ንዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ዓቕብ ኾይንዎ ከምዝፀንሐ ዝፍለጥ 'ዩ። ከምዘይሓልፍ የለን ኹሉ ሓሊፉ ኣብዚ ሕዚ እዋን ነቲ ዝተፈጠረ ኣንፃራዊ ሰላም ስዒቡ በሩ ከፊቱ ከም ቐደሙ ኣጋይሽ ተቐቢሉ ዘለዎ ኣካፊሉ ንምብላዕን ንምስታይን እናተፀበየ ይርከብ። ህዝቢ ትግራይ ሊጋስን ፈታዊን ጋሻ 'ዩ። በቲ ዝነበረ ኲናት ብዙሕ እንተስኣነ 'ውን ንኣፉ ገዲፉ ንጋሻ ንምኹላስ በሩ ከፊቱ ዝቕበል 'ዩ:: ብዝተፈላለየ ምኽንያት ዑደት ንምግባር ናብ ትግራይ ዝኸዱ ኣገይሽን በፃሕቲ ዓዲ እንተኾኑ 'ውን እዚ ባህሊ ህዝቢ ዝፈልጥዎን ዘስተማቕርዎን 'ዩ:: እዚ ሓድነትን ፍቕርን ካብ ዘምፅኡ ኣጋጣምታት እቲ ሓደ ዝኾነ ድማ ዘፈር ቱሪዝም 'ዩ:: ሃገርለኸ ካብ ምዃን ሓሊፉ ዓለምለኻዊ ቅርበት ዝፈጥር ዘፈር ከምዝኾነ ይፍለጥ::

ትግራይ ካብ ዘለዉዋ ዘይተተንከፉ ፀጋታት ሓደ ፀጋ ቱሪዝም ምዃኑ ዝፍለጥ 'ዩ:: ኣብ ትግራይ ዝዓነዉ ሓድግታት ዳግም ብምህናፅ ዓውደ ቱሪዝም ንበፃሕቲ ክፍቲ ንምግባር እናተሰርሐ ከምዝኾነ ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ትግራይ ኣፍሊጡ 'ዩ። ኣብ ትግራይ ብሰንኪ ዝነበረ ኲናትን ኮሮናን ተቛሪፁ ዝፀንሐ ዓውዲ ቱሪዝም ንምጅማርን ንምንቕቓሕን ንበፃሕቲ ክፍቲ ንምግባር ዝዓለመ ስራሕቲ እናተሰርሑ ይርከቡ::

በፃሕቲ ቱሪዝም ኣብ ክልል ትግራይ ፍፁም ሰላም ከምዝዓሰለ ብምርዳእ ናብ ተፈጥሮኣውን ባህላውን መስሕባት ቱሪዝም ክልል ትግራይ ብምኻድ ከም ቀደሞም ዕቡቕ ግዜ ንክሕልፉን ተረጋጊፆም ግዚኦም ንክሕልፉን ፃውዒት እናተገበረ ይርከብ። ንዳግመ ምጅማር ቱሪዝም ክልል ትግራይ ካብ ሚኒስትር ቱሪዝምን ቢሮ ቱሪዝም እቲ ክልልን ዝተውፃእፁ ኣካላት ኣብ ዝተፈላለዩ መስሕባት ቱሪዝም ክልል ትግራይ ብምዝውዋር ዑደት ብምግባር ድማ ድሕንነት እቶም ዑደት ዝግበረሎም ቦታታትን ቅርስታትን ኣረጋጊፆም 'ዮም።

በዚ መሰረት ድማ ኣብ ውቕሮ መስገድ ነጋሽ፣ እምባታት ገረዓልታ ገዳም ኣቡነየምኣታ ከምኡ 'ውን ኣብ ወርቃምባ ገዳም ቅዱስ ገብርኤል ወቄት ዝባሃሉ ኸባባታት ዑደት ብምግባር 'ቶም ቦታታት ዘለውዎ ብርኪ ተዓዚቦም 'ዮም:: ከምኡ ድማ ኣብ ኣክሱም፣ ዓድዋ፣ ዓዲግራት፣ ተምቤን፣ ገረዓልታ፣ ውቅሮን ከባቢታት ኣልነጃሽን ዝርከቡን ፅገና ዘድልዮም 21 ቕርስታትን ናይ ቱሪስት ቦታታትን ብቕልጡፍ ናይ ፅገናን ምልማዕን ስራሕ እናተሰርሐ ምዃኑ ተገሊፁ 'ዩ:: እዚ ድማ እቲ ናብ ትግራይ ዝኸይድ በፃሒ ዓዲ ተረጋጊዑ ንክሕልፍ በሪ ዝኸፍተሉ 'ዩ::

ተዛሓሒሉ ዝፀንሐ ምንቕስቓስ ቱሪዝም ናይ ምጅማር መርሃ ግብሪ ብዕሊ ከምዝተጀመረ ዝዝከር ኾይኑ ፤ ዝተጀመረ ምንቕስቓስ ብዝበለፀ ንምንቕቓሕ መንግስቲ፣ መጎብነይቲ ትካላትን ፍሉጣት ውልቀ ሰባንትን ግደኦም ክዋፅኡ ከምዝግባእ ተገሊፁ 'ዩ:: ዝዓሰለ ኣንጻረዊ ሰላም ብምጥቃም ሙሉእ ብሙሉእ ተቛሪፁ ዝፀንሐ ምንቅስቃስ ክምለስ ናይ ምግባር ስራሕቲ እናተሰርሐ 'ዩ::

ኣብ ክልል ትግራይ ኢንዱስትሪ ቱሪዝም ንምንቕቓሕ ካብ ምፅጋን ቕርስታት ጀሚሩ ኣብ መባፅሒ በፃሕቲ ዓዲታት ሰፋሕቲ ስራሕቲ እናተሰርሑ 'ዮም:: ቱሪዝም ንምንቕቓሕ እቲ በዓል መዚ ምስ ግዝያዊ ምምሕዳር እቲ ክልልን ምስ ቢሮ ባህልን ቱሪዘምን ብምትሕብባር ሓላፍነቱ እናተዋፀአ ከምዝርከብ እንተተገለፀ 'ውን ናይቲ ክልል ምንቕስቓስ ቱሪዝም ንምንቕቓሕ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ኩሎም ብምትሕብባር ዝገብሮ ሓገዝ ተጠናኺሩ ክቕፅል ይግባእ::

ምንቕቓሕ ዘፍር ቱሪዝም ብናይ መንግስቲ ባጀት ጥራሕ ዝፍታሕ ብዘይምዃኑ ዝፍለጥ 'ዩ:: ኩሉ ኣብ ልምዓትን ሓለዋን ቅርሲ ዝሰርሑ መዳርግቲ ኣካላት ሓገዝ ክገብሩ ግድን 'ዩ:: ብተወሳኺ ኩሉ ሕብረተሰብ ቅርስታት ብምንክብኻብን ብምልማዕን ሓላፍነቱ ክዋፃእ ኣለዎ:: ኣብ ክልል ትግራይ ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ናይ ቱሪስትታት ምንቕስቓስ ናብ ታሕቲ ወሪዱ ፀኒሑ 'ዩ:: ቅድም ኢሉ ብምኽንያት ኮረና ኣብ መላእ ዓለም ኩነታት ቱሪዝም ቀኒሱ እንተነበረ 'ውን ኣብ ትግራይ ድማ ኹናት ተወሲኽዎ ኣብቲ ዘፈር ዓብይ ፅልዋ ኣሕዲሩ 'ዩ:: እዚ ዘፈር ቱሪዝም ድማ ብባህሪኢ ምርግጋዕን ሰላምን ዝደሊን ኩነታት ፀጥታ እንድሕር ዘይሃልዩ ተበፃሕቲ ዘይመርፅዎ ቦታ 'ዩ ዝኸውን እዚ ድማ ኣብቲ ዘፈር ዓብይ ጉድኣት የብፅሕ:: ስለዚ ናይ ቱሪዝም ምንቕስቓስ ከም ብሓዱሽ ንምንቕቓሕን እቲ ዘፈር ኣታዊ ከእቱ ኣብ ምግባር ዓብይ ስራሕ ትፅቢት ይግበር::

> **ምንቕቓሕ ዘፍር ቱሪዝም ብናይ መንግስቲ ባጀት ጥራሕ ዝፍታሕ ብዘይምዃኑ ኩሉም መዳርግቲ ኣካላት ሓገዝ ክገብሩ ግድን 'ዩ**

ትግራይ ብኣሽሓት ዓመታት ዝቑፀር ዕድመ ዘለዎ ስልጣነ ታሪክ ኢትዮጵያ ብሕታዊት ባዓል ዋና ካብ ምዃና ንላዕሊ ብፅኑዕ ስነ-ምግባር ዝተሃንፀ ስልጡን ህዝቢ ዝውንኖም ብርክት ዝበሉ ምቁራት ሃይማኖታውን ባህላውን በዓላት 'ውን ወናኒት 'ያ። እዚኦም ምስዘለና ዘስደምም ናይ መሬት ኣቀማምጣ ሓዊስና እንተሰሪሕናሉ ትግራይ ናይ ቱሪዝም መናሃርያ ዘይትኾነሉ ኣጋጣሚ የለን::

እዚ ከምዚ እናሃለወ ኢንዱስትሪ ቱሪዝም ፍሉይ ቆላሕታ ብምግባር ኣብ ትግራይ ዘለው ጥንታውያን ሓድግታት ማሕበረሰብ ዓለም ንክፈልጦም፤ በፃሕቲ ድማ ናብ ትግራይ ንክመፁ ምስ ሚኒስተር ቱሪዝም ይስራሕ ምህላው ተገሊፁ 'ዩ። ንሕና ድማ እዚ ተረኺቡ ዘሎ ሰላም ተጠቒምና ካብ ወፃእን ሃገር ውሽጥን ዘለዎ በፃሕቲ ዓዲ ብምብርትታዕ ካብ ምንቅቃሕ ቱሪዝም ብዝሓለፈ ኣብ መንጎ ህዝብታት ብምኽንያት ኹናት ተፈጢሩ ዝነበረ ምርሕሓቕን ምቅሕሓርን ናብ ዝነበሮ ንክምለስ ዓብይ ግደ ክንፃወት ይግባእ::

# እዋናዊ ዛዕባ

## ‹‹ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ስራሕቲ ዕቐባ ሓመድን ማይን ልምዓት ትኹረት ተዋሂብዎም ኣሎ››

**- ሚኒስቴር ግብርና ፌዴራሊ**

መኣርግ ገ/ሄር

ኣብ ሚኒስቴር ሕርሻ ዋና ፈፃሚ ስራሕ ልምዓትን ኣጠቓቕማን ሃፍቲ ተፈጥሮ ኣቶ ፋኖሴ መኮነን ከምዝገለፅዎ፤ በብዓመቱ ዝካየድ ስራሕቲ ልምዓት መፋስስ ማይ ኣብ ምዕባይ ምህርትን መፍረያይነትን ከምኡ 'ውን ምድረበዳነት ንምክልኻል ዓብዩ ብፅሒት የበርክት:: ስራሕ ልምዓት መፋስስ ማይ ኣብ ኣዋርሕ ክረምቲ ንዝካየድ ሓምለዋይ ኣሰር ልምዓት መሰረት ከምዝኾውን ኣብ ክልል ሲዳማ ስራሕ ማይን ሓመድን ዕቃባ ኣብዝተጀመረሉ ገሊፆም 'ዮም::

ብተማሳሰሊ "ወፍሪ ዕቀባ ሓመድን ማይን ንዘላቒ ቁጠባዊ ውሕስናና" ብዝብል መራሒ ሓሳብ ብብርኪ ክልል ብቢሮ ሕርሻ ትግራይ ዝተዳለወ ዘተ መድረኽ ተኻይዱ 'ዩ:: ኣብቲ መድረኽ ዝተረኸቡ ፐረዝደንት ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ኣይተ ጌታቸው ረዳ ከምዝበልዎ፣ እዚ መድረኽ ዓብይ 'ዩ::

ወፍሪ ዕቀባ ሓመድን ማይን መሰረት መሰረት ህይወትና 'ዩ፤ ኣብ ኩሎም ምንቅስቓሳት ሰለጤን ብዘለዎ መንገዲ ውፂኢት ክነምፅ ይግበኣና፤ ልዕሊ ኩሉ ግና ኩሎም ዓቕምታት ብምውዳድ ህዝብና ናብ ዝሐሸ ብርኪ ከነብፀሖ ኩሉ በቢብርኩ ክረባረብ ይግባእ::

ዓርሰ ሙርኮሳ መሰረት ዝገበረ ሃፍቲ ተፈጥሮን ስራሕቲ ሕርሻን ኣጠናኺርና ምውሳድ ብቐንዱ ድማ ወፍሪ ዕቀባ ሓመድን ማይን ዘላቒ ቁጠባዊ ውሕስናና ኢልና እነካይዶ ናይዚ ዓመት ናፃ ወፍሪ ዕቀባ ሓመድን ማይን ከባብያዊን ሞራላውን ፖለቲካ ትሕዝትኡን ዓቂብና ብዝተቐመጠሉ መጠን፣ፅሬትን ሰለጤንን ንምዕቃብ ዘጋጠሙና ፀገማት ድርቅን ጥምየትን ብዝፈትሕ መንገዲ ንምፍፃም ለይትን ቀትርን ምርብራብ ከምዝግባእ 'ዮም ዝገልፁ።

ብተወሳኺ ሓላፊ ቢሮ ሕርሻ ክልል ትግራይ ብወገኖም፤ ኣብ ፍርያትን መፍረይነትን ልምዓት መስኖ ማለት 'ውን ማይ መሰረት ዝገበረ ሕርሻ ምልዕዓል ቀዳማይ ዙር ኣጠቓሊልና ንካልኣይ ዙር ምንቕስቓስ ልምዓት ጀሚርናዮ ኣለና፤ እዞም ተደራረብቲ ፈተናታት ብዘላቕነት ንምፍታሕ ስራሕቲ ሓምለዋይ ልምዓት፣ ምክልኻል ብርሰት ደኒ ዘጠናኽር፣ ሕፅረት ጠልን ማይን ብመሰረቱ ዝፈትሕ ፍርያትን መፍረያይነትን ሃፍቲ እንስሳ ዝውስኽ ፣ ስራሕቲ ከተማ ሕርሻ ዘቀላጥፍ፣ ቀፃላይ መደብና ዓቕሚ ምፍራሕ መካናይዜሽን ከፈፅም ዝገብር ኣካይዳ ክህልው ይግባእ ክብሉ የረድኡ።

ኣብ ክልል ትግራይ ብዛዕባ ምሕዋይ ተፈጥሮ ሃፍቲ ናይ ቕድሚ ሕዚ ተሞክሮ ከንወስድ ንኽእል ኢና:: ክልል ትግራይ ብሰንኪ ዋሕዲ ዝናብ ብተደጋጋሚ ብድርቂ ካብ ዝጥቃዓ ክልላት ሓንቲ ምዃና ትፍለጥ 'ያ። ኣብ ክልል ትግራይ ኮነ ኣብ መላእ እታ ሃገር ፍግረ መሬት ቁልፊ በዳሂ ሓረስቶት ኣብ ርእሲ ምዃኑ፣ ምስ ለውጢ ከባቢ ኣየር እናተጋደደ ብምኻድ ኣብ ቁጠባ ማሕበረሰብ ፀገማት ዘስዕብ 'ዩ። ብተደጋጋሚ ድርቂ ኣብዘጋጥመሉ ከባቢ ቁጠብኡን መነባብርኡን ኣብ መፍረያይነት መሬት ሕርሻ ዝተሞርከሰ ነባሪ ገጠር (ሓረስታይ)፣ ከም ጣፍ፣ መሽላ፣ ዕፉን ስርናይን ካልኦትን ዝተፈላለዩ ዘራእቲ ኣፍሪዩ ውሐስና መግቡ ከረጋግፅ ኣፀጋሚ 'ዩ። ድርቂ፣ ብርስት ኣግራብን ፍግረ መሬትን ምስ ኣቀማምጣ መሬታ ተተሓሒዙ ንትግራይ ኣሉታዊ ፅልዋ ኣሕዲሩላ 'ዩ:: ከምኡ 'ውን ንሰዕቤናት ለውጢ ኣየር ኣዝያ ተጋላፂት ክትከውን ጌሩዋ 'ዩ። ኣብ 2015 ዓ.ም ክረምቲ ትግራይ ሱር ዝሰደደ ድርቒ ኣጋጢምዋ 'ዩ:: ኣብ ሓደ ሓደ ከባቢታት ድማ ኣብ እዋን ክረምቲ ካብቲ ልሙድ ዘንጊዑ ምጅማርን ዋሕድን ማይ ዘጋጠመ ብምዃኑ ህዝብን ጥሪትን ኣብ ከቢድ ሓደጋ ወዲቆም ይርከቡ::

ካብዚ ወፃኢ ኣብተፈላላዩ እዋናት ኣብ እዋን ክረምቲ ዝተዛብዐ መጠንን ዝርገሐን ዝናብ የጋጥማ 'ዩ:: እዚ ድማ ኣብ ሕርሻዊ ማእቶትን መነባብሮን ሓረስቶትን ኣብ ርእሲ ዝህልዎ ፅልዋ ንብርሰት ኣግብራብ 'ውን ክጋደድ እናገበሮ ፀኒሑ 'ዩ። ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ኢትዮጵያ ካብተን ብብርሰት ኣግራብ ዝፍለጣ ከባብታት'ታ ሃገር ትግራይ ሓንቲ 'ያ:: ንኣግራብ ክንንክን ተጌሩሉ ሽፋን ደኒ ክውስኽ እንተድኣ ዘይጌርና ኣብ ግድሚ ዝርከብ ሓመድ ብቐሊሉ ይብሕጎን። ተወሰኽቲ ንፍግረ መሬት ካብ ዘቓልዑ ነገራት፣ ዕብየት ተፈጥራኣዊ ኣግራብ ዓጊቱ ልሙዕ መሬት ብውሕጅ ክሕፀብ ካብ ዝገብሩ፣ ሓደ ስዲ ጋህፂ' 'ዩ።

ኮይኑ ግና ጠመተ ተተገይርሉ ዘይሕከም መሬት የለን:: ንኣብነት ጣብያ ኣብርሃ ወኣፅብሃ ኣብ ዞባ ምብራቕ ትግራይ ትርከብ። እዛ ጣብያ ንውሕጅን በረኻነትን ኣብ ዝተቓልዐ ኣኻውሕ ዝተደኮነት ጣብያ ኮይና ናይታ ጣብያን ከባቢኣን ሕርሻዊ ማእቶት ብፍግረ መሬት ዝተጎድአ 'ዩ። ብፍላይ ድሑር ኣጠቓቕማን ምሕደራ መሬትን ማይን፣ ነቲ ከባቢ ንለውጢ ከባቢ ኣየር ዝተቓልዐ ጌሩዎ 'ዩ። እታ ጣብያ መብዛሕትኡ መሬታ ዘይልሙዕን ብዋናነት ብጋህፃፅ ኣኻዉሕ ዝተኸበበት 'ያ። ከም ሳዕቤኑ ኻኣ ናይቲ ከባቢ መነባብሮን ውሕስና መግብን ክኸፍእ ጌሩዋ 'ዩ። ኣብ መጀመርታ ዓመታት 2000 ብኣ.ፈ ነገራት ኩሎም ንጣብያ ኣብርሃ ወኣፅብሃ እናኸፍኡ ከይዶም። ከምውፅኢቱ ድማ እቲ ህዝቢ እግሩ ናብ ስደት ከምርሕ ተገዲዱ:: ምሕደራ ስነምሕዳር ንኡስ-መፋሰስ ኣብ 1996 ኣ.ፈ ሚኒስተር ሕርሻን ልምዓት ገጠርን ኢትዮጵያ፣ ማሕበረሰብ ቶኮር ዘይምእኹል ምሕደራ ኣተኣታትዩ:: እዚ ዘይምእኹል ምሕደራ ኣብ መሬት፣ ሃፍቲ ተፈጥሮን ማይን ዝነበሩ ፀገማት ከባያዊ ፍታሕ ብተበግሶ ምምሕዳር ከባቢታት ክሳለጡ ወሲኑ ናብ ተግባር ኣትዩ። ካብቶም ተበግሰታት ሓደ ማሕበረሰብ ተኮር “ምሕደራ ስነምሕዳር ንኡስ መፋሰስ” ሞዴል 'ዩ። እዚ ስትራተጂ ነቲ ናይ ከባቢ ማሕበረሰብ ዓቕሚ ክዓቢ ብምግባር ስዲ ጋህፂ ብምክልኻል ከፍቶም ኣሲሮም ዝቕልብሉ፣ ግድምታት ከባቢኦም ብውሕጅ ከይብሕጎግ ናይ ማይን ሓመድን ዕቀባ ስራሕቲ ክሰርሑን ናብ ሕዙእ ቦታ ከፍቶም ንዝሰዱ ዝቕፅውሉ ከባብያዊ ሕጊ ኣብ ምውፃእ ዝብሉ ዛዕባታት ሓበራዊ ኣረዳድኣ ክፈጥሩ ዝሃቀነ 'ዩ::



**ዕቐባ ሓመድን ማይን**

ማሕበረሰብ ተኮር ተፀዋርነት ለውጢ ከባቢ ኣየር ኣብ 2004 ኣ.ፈ ተበግሶ ሓለዋ ሃፍቲ ተፈጥሮ ኣብርሃ ወኣፅብሃ ብድሆታት ዘይምርግጋፅ ዉሕስና መግቢ ፣ ፍግረ መሬትን ቀረብ ፅሩይ ማይን ንምፍታሕ ተጣይሹ። ካብዚ ጀሚሩ እዚ ተበግሶ ናይ ማሕበረሰብ ተኮር ተፃዋርነት ለውጢ ከባቢ ኣየር መሪሕ ኣብነት እናኾነ መፂኡ።እዚ ተበግሶ ናይቲ ከባቢ ህልዊ ናይ ጥዕናን ማሕባዊ ቅሳነትን ብፍላይ ከዓ ምስ ለውጢ ኣየርን ከባብን ተዛሚዶም ዝመፁ ብድሆታት ብምንፃር'ዩ ተጀሚሩ:: እቲ ከባቢ ብርክት ዝበሉ ብድሆታት እኳ እንተነበርዎ ቀዳምነት ግን ናይ ዝስተማይ ፀገም ምፍታሕ'ዩ ሂቡ። በዚ ተበግሶ ኣቢሎም ነቶም ቀልፊ ፀገማት ከባቢኦም ዝኾኑ ፍግረ መሬትን ቀረብ ማይ ንምምሕያሽ ዝተፈላለዩ ፃዕርታት ጌሮም። ካብቶም ውፅኢታውያን ዝኾኑ መፍትሒ ተግባራት ወፍሪ ምትካል ገረብ፣ ህንፀት ሓፅብታት፣ ዒላታትን ናይ ማይ ባንክን ዝበሉ ይርከብዎም። እዚ ድማ ነበርቲ እቲ ከባቢ ናይ ባዕሎም ማይ ክህልዎምን ብዝስተ ማይ ውሑሳት ክኾኑ ኣኽኢልዎም። ካብ ምትንኻፍ እንስሳ ነፃ ዝኾነ ጊዚያዊ ሕዙእ መሬት ክህሉ ምግባሮም ሃገር በቆል ዝኾኑ ኣግራባት ዳግም ከንሳዕርሩ ሓጊዝዎም። መልክዓ ምድራዊ ለውጢ መሬት እታ ጣብያን ካብቢኣን ንምልዋጥ ጊዜ ኣይወሰደሉን። ሽፋን ደኒ እቲ ከባቢ ተመሊሱ፣ ልሙዕ ሓመድ እቲ ከባቢ ሒዙ ዝኾይድ ነበረ ውሕጅ ኣዝዩ ነክዩ። ምስራፅ ማይ ንውሽጢ መሬት ወሲኹ፣ ማይ ብቐረባ ኳዕቲ ክረኽቡ ጀሚሮም። በዚ ድማ ቀሊል ስራሕቲ መስኖ ኣተኣታትዮም። ምስ ምምሕያሽ ስነ ምሕዳር ከባቢኦም መነባብሮኦም’ውን ኣናተመሓየሸ መፂኡ። ፍልፍል እቶቶም ክሰፍሕን ውሕስና መግቦም ክጠናኸር ኪኢሉ። ዘጊድ 1000 ዝኾኑ ሓረስቶት ኣብዚ ሓድሽን ሰረተ ብዙሕ እቶት ዘርክብ ሕርሻዊ ማእቶት ኣብ ምንጣፍ ይርከቡ። ካብዚ ሓሊፎም’ውን ካልኦት በሽሓት ዝቑፀሩ ሓረስቶት ካብዚ ዳግመ ግረባዊ ስራሕቲ ይጥቀሙ ኣለው። እታ ጣብያ ብማሕበረሰብ ተኮርን ኣሳታፍን ትልሚ ፈላሚት ኣብነት ኮይና ትርከብ። እዚ ድማ ሕድሕድ ፕሮጀክት ካብ ውጥኑ ጀሚሩ ኣፈፃፅማኡን ክትትሉን ብንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ ይፍፀም።ንድልየት ህብቢ ተገዛኢ ምዃንን ሃፍቲ ከባቢኻ መሰረት ምግባር ከም ጥንካረን መሰረት ውፅኢታውነትን ተበግሶ ምሕዋይ ሃፍቲ ተፈትሮ ጣብያ ኣብርሃ ወኣፅብሃ 'ዮም።

ዝተናውሐ ደርቂ፣ ክረምቲ ድሒሩ ምጅማር፣ ሓፂር እዋን ዝናብን እንተጋጥሙ ህዝብን እንስሳትን ናብ ከቢድ ሓደጋ ይቓልዑ:: ወይ ድማ ካብ ኢድ ናብ ኣፍ ብዝኾና ሕርሻዊ ማእቶት ንዝነበር ህዝቢ፣ ምምሕያሽ ናብራን ምርግጋፅ ውሕስና መግብን በዳህቲ 'ዮም። ህዝቢ ጣብያ ኣብርሃ ወኣፅብሃ ግና ነዚ ግድል፣ ናይ መሬቶም ማይ ናይ ምዕቃብ ተክእሎ ብምምሕያሽ ማይ ከርሰ መሬት ክመልእ ብምግባር ቀለልቲ ዒላታት ኩዒቶም ስራሕቲ መስኖ ብምስላጥ ተረባሕቲ ክኾኑ ክኢሎም 'ዮም:: ምኽንያቱ ምምሕያሽ ልሙዕነትን ትሕዝቶ መሬቶም ብቐፃልነት ማይ ናይ ምዕቃብ ተኽእሎኡ ክማሐየሽ ጌሮም:: ስራሕቲ ዳግመ ግረባ፣ ምሕዋይ ስነ ምህዳር ከባብን ምጥቃም ኮምፖሳትን ባህርያዊ ድኩዒን ጥራሕ ኣይኮኑን ትሕዝቶ መሬቶም ዘማዕብሉ። እንታይ ድኣ እንተይልና ዝተመሓየሸ ውሕስና ማይ ምህላው ማይ ከርሰ ምድሪ ኩልሻዕ ክመልእ ምኽኣሉ’ዩ። ምምሕያሽ ልሙዕነት መሬቶም ማይ ናብ ውሽጢ መሬት ናይ ምስራፅ ተኽእሎ ክማሓየሽ ኣኽኢልዎ።

ከምዚ እንተተሰሪሑ ውሕጅ ይንከይ፤ ማይ ናብ መሬት ይሰርፅ:: ከምዚ ክኸውን እንተኾይኑ ድማ በቢኸባቢኡ ኣናእሽቱ ግድባት፣ ሆረየታት፣ ከትሪታትን ምስራሕ። እዚ ኻዓ መስኖ ተጠቒምካ ዓመት ምሉእ ኣብ ሕርሻዊ ማእቶት ክትነጥፍ የኽእለካ:: ዝናብ ክረምቲ ከይተፀበኻ ኣብ እዋን ሓጋይ ፍረታትን ኣሕምልትን ተፍሪ:: ብዝግባእ ሓመድን ማይን ምዕቃብ እንተተኻኢሉ ብተወሳኺ ሕድሕድ ገባር ኣብ መሬቱ ገረብ ክተክል ይኽእል፤ በዚ ድማ ዝነድድ ዕንፀይቲ ኣብ ቀረባ ክረክብ፣ፅቡቕ ከባቢ ኣየር ክህሉ ይገብር::

ስለዚ ካብቲ ኣጋጢሙና ዘሎ ሓደጋ ድርቒ ንምክልኻል ወይ ንምቕናስ ኣብ ዕቐባ ሓመድን ማይን ከምኡ 'ውን ኣብ ዳግመ ግረባ በርቲዕና ክንሰርሕ ይግበኣና:: ሃፍቲ ተፈጥሮና ተንከባኺብና ካብ ምሓዝ ወፃኢ ካሊእ መማረፂ የብልናን:: ስደት ፈፂሙ መማረፂ ክኸውን ኣይኽእልን::

ሎሚዘበን ብብርኪ ሃገር ዕቐባ ሓመድን ማይን እናተጀመረ ይርከብ:: ስራሕቲ ዕቓባ ሓመድን ማይን ምክያድ ብዘለዎ ልዑል ኢኮኖሚያዊ ጠቐሜታ መሰረት መንግስቲ ዓብዩ ቖላሕታ ብመሃብ እናሰርሐሉ ይርከብ:: ነዚ ክልል ትግራይ ከም ክልል ትግራይ ብዝግባእ ቆላሕታ ሂብና ክንሰርሐሉ ይግባእ:: ሎሚ ቕነ ኣብ ወረዳ ዓድዋ ኣብ ስራሕቲ ዕቀባ ሓመድን ማይን ዘድሃበ ስልጠና ተዋሂቡ ኣሎ:: እቲ ብብርኪ ወረዳ ዝተወሃበ ስልጠና ዕቀባ ሓመድን ማይን ካብ 19 ጣብያታት ዝመፁ ሰብ ሞያ ሕርሻን ሓንፀፅትን ዝሳተፉሉ ከም ዝኾነ ቤት ፅሕፈት ዘፈር ቁጠባ ወረዳ ዓድዋ ሓቢሩ 'ዩ። መተሓባበሪ ዘፈር ቁጠባ ኣይተ ዮሃንስ ንጉስ ከምዝበልዎ፣ እቲ ሎሚ ዝተኻየደ ስልጠና ዕቀባ ሓመድን ማይን፣ ብምኽንያት እቲ ዝነበረ ኩናት ድሕሪ 4 ዓመት 'ዩ። እዚ ስልጠና ዝካየድ ዘሎ ዝረሳዕናዮም ንምዝኽኻር ዝዓለመ ስልጠና 'ዩ ይብሉ እቶም መተሓባበሪ::

ኣግራባትና በሪሶም ሕዚ ዘጋጥም ንዘሎ ድርቂ 'ውን ዓርሱ ዝኸኣለ ተፅዕኖ አዕሪፉ 'ዩ ይብሉ። ካብዚ ብዝነቐለ ሃብቲ ተፈጥሮን ናብ ንቡር ንምምላስ ዕቀባ ሓመድን ማይን ምክያድ ወሳኒ ስለዝኾነ እቲ ዝወሃብ ስልጠና ብትኹረት ብምክትታል ናብ ስራሕ ምእታው ከምዘድሊ ይሕብሩ።

እምሃ ኣታኽልትን የማነ ስብትለኣብን ተሳተፍቲ እቲ ስልጠና 'ዮም። ንሳቶም ከም ዝበልዎ ፀገማት ኣለው 'ዮም። ሕብረተሰብና ኣብ ሓያል ጥምየት 'ዩ ዝርከብ፤ መሳርሒ ፀገም 'ውን ኣሎ፤ ነገር ግን ፀገማት ተፃዊርና ኣብ ዘላቒ ረብሓ 'ውን እናሓሰብና እቲ ዕቀባ ሓመድን ማይን ይከኣል 'ዩ ኢልና ክንኣትዎ ኣለና ይብሉ:: ዕቀባ ሓመድን ማይን ንዝተፈላለዩ ፀገማት

‹‹ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት...ናብ ገፅ 7

## ዕዱም ጋሻ

# ‹‹ኢትዮጵያ በሪ ባሕሪ ንምጥቓም ምስ ሱማሊላንድ ምፍርራማ ንዝኾነ ሃገር ዝጎእ ኣይኮነን››

**-ኣይተ መስፍን ደሳለኝ፣**

መኣርግ ገ/ሄር

**ኢትዮጵያ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ በሪ ባሕሪ እኳ እንተነበራ ኮይኑ ግና ኣብተፈላለዩ እዋናት ብተፈላለዩ ምኽንያታት በሪ ባሕሪ ከትስእን ክኢላ 'ያ፡፡ በዚ ምኽንያት እዚ ንበሪ ባሕሪ ብዙሕ ወፃኢ እናውፀአት መፂኣ 'ያ፡፡ ሕዚ 'ውን ብተመሳሳሊ፡፡ ንሱ 'ውን ሸቐጣት ከምድሌታ ክተውፅእን ክተእትውን ኣይከኣለትን፡፡ ብምኳኑ ናይ ባዕሉ ኣሉታዊ ፅዕንቶ እናሕደረ መፂኡ 'ዩ፡፡ ብፍሳይ ቁፅሪ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብፍጥነት እናዓበየ ምስዝኸይድ ዘሎ ተተሓሒዙ በሪ ባሕሪ ንኢትዮጵያ ናይ ህልውና ጉዳይ እናኾነ መፂኡ 'ዩ፡፡ ነዚ ንምፍታሕ ክበሃል ኢትዮጵያ ምስ ሱማሊላንድ ሂብካ ምቅባል ብዝብል መትከል ዲፕሎማሲ ኣብዝሓለፈ ቐረባ እዋን ምፍርራማ ዝዝከር 'ዩ፡፡ እዚ ንኢትዮጵያን ንሱማሊላንድን ተሓባቢረንን ተደጋጊፈንን ንምዕባይ ዝሕግዝ ከምዝኾነ ዝተፈላለዩ ኣካላት ይገልፁ ኣለዉ፡፡ ምስ እዚ ተተሓሒዙ ምስ ምክትል ኣቦወንበር ትግራይ ዲሞክራሲያዊ ፓርቲ (ትዴፓ) ኣይተ መስፍን ፃኒሕት ገይርና ኣለና፡፡ ሙሉእ ትሕዝትኡ ድማ ከምዚስዕብ ቐሪቡ ኣሎ፡፡**



**ወጋሕታ፡- ኢትዮጵያ ኣብ ጉዳይ በሪ ባሕሪ ምስ ሱማሊላንድ ዝተፈራረመቶ ስምምዕ እንታይ ርኢቶ ኣለዎም?**

**ኣይተ መስፍ፡-** እቲ ስምምዕ ንክልቲኡ ወገን ጥራሕ እንተይኮነ ዝጠቕም ንኻልኦት ሃገራት ቐርኒ ኣፍሪካ 'ውን ዝጠቅም 'ዩ:: መንግስቲ ኢትዮጵያ ረብሓ በሪ ባሕሪ ተረዲኡ ናብ ምንቕስቃስ ኣትዩ እሞ ድማ ኣብ ሓፂር እዋን ምስኸዑ ዓብዪ ዲፕሎማስያዊ ዓወት 'ዩ:: እዚ ኩሉ ኢትዮጵያ ክድግፎ ዝግባእ 'ዩ:: ናብዚ ናብ ሓበራዊ ሰነድ ምብፃሕ ቐሊል ዝበሃል ኣይኮነን:: እዚ ዓብዪ ስጉምቲ 'ዩ:: ናብ መሬት ክወርድ ድማ ኩሉ ኣብ ጎኒ መንግስቲ ክኸውን ኣለዎ:: ሕዚ ናብ ተግባር ምቕያር 'ዩ ቐርዩ ዘሎ:: እዚ ድማ ንኽልቲኣን ዓድታት ዝጠቅም ስለ ዝኾነ ህዝቢ ሱማሊላንድ ይኹን ህዝቢ ኢትዮጵያ ብሓባር ክድግፎ ይግባእ:: ምኽንያቱ እዚ ንኽልቲኡ ወገን ዝጠቅም 'ዩ:: ኢትዮጵያ ብዝግባእ ዲፕሎማስያዊ መንገዲ ማለት ሂብካ ምቅባል ብዝብል መትከል በሪ ባሕሪ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዋ:: ድሌት በሪ ባሕሪ ኢትዮጵያ ናይ ዝኾነ ኣካል ወይ ሃገር ዘይጎድእን ሂብካ ምቕባልን ኣብዝብል መርህ ዝተመስረተ 'ዩ::

ንሕና ኢትዮጵያውያን እንተነኣሰ ንናይ ገዛእ ርእስና እንብሎ ሚስጥርና እንሕልወሉን ምትሕብባርና እነድልድለሉን በሪ ባሕሪ የድልየና 'ዩ:: በዚ ኣግባብ ብዝግባእ ዲፕሎማስያውን ሂብካ ምቕባልን ብዝብል መትከል በሪ ባሕሪ ናይ ምርካብ መሰል ኣለና:: ብግቡእ ጥንቃቐን ብቕዓት ብዘለዎ ዲፕሎማሲን እናተመርሐ እቲ ጉዳይ መፍትሒ ክረክብ እፎይ ንብለሉ ወደብ የድሊ 'ዩ::

**ወጋሕታ፡- ኣገዳስነት በሪ ባሕሪ ንኢትዮጵያ ከመይ ይገልፅዎ?**

**ኣይተ መስፍን፡-** ንኢትዮጵያ ባሕሪ በሪ ዘድልያ ምኳኑ ዘጣያይቕ ኣይኮነን:: እዚ ድማ መንግስቲ ኣብዝሓፀረ እዋን ናብ ተግባር ምእታዉ ዝድነቕ 'ዩ:: ከም ኢትዮጵያ ብዙሕ ህዝቢ ሒዛ በሪ ባሕሪ ዘይብላ ሃገር ኣብዓለም የለን:: ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ዝቕፅሉ ሸዱሽተ ዓመታት ናብ 140 ሚልዮን ክበፅሕ ይኽእል 'ዩ:: እዚ ቀሊል ዝበሃል በዝሒ ህዝቢ ኣይኮነን፤ ብጣዕሚ ብዙሕ 'ዩ:: ነዚ ህዝቢ እዚ ኢኮኖሚያዊ ድሌቱ ብዘይ በሪ ባሕሪ ብኣግባቡ ክተማለአሉ ኣይትኽእልን:: ኢኮኖሚ ብኣግባቡ ንምምላእ ኣፍደገ ባሕሪ ኣዝዩ ወሳኒ 'ዩ::

ኢትዮጵያ ሂብካ ምቕባል ብዝብል መርህ እናተጎዓዘት በሪ ባሕሪ እንተተኸልኪላ ሰላመዊ ዝኾነ ዞባ ክህሉ ኣይክእልን፤ ኣብ ምትሕብባር ዝተመርኮሰ ኣካይዳ ንምዕባለን ዕብየትን እቲ ዞባ ወሳኒ 'ዩ።

**ወጋሕታ፡- ሓደ ሓደ ሃገራትን ከምኡ 'ውን ውሱናት ኢትዮጵያውያን ነዚ ስምምዕ እዚ ዝቓወሙ ኣለዉ:: ኣብዚ እንታይ ርኢቶ ኣለዎም?**

**ኣይተ መስፍን፡-** ሓደ ሓደ ሃገራት ነዚ ክቓወመኦ ንርኢ ኣለና ኢና:: ኮይኑ ግና እዚ ጌጋ 'ዩ:: ምብራቕ ኣፍሪካ ንምዕባይ ከመይ ገይርና ቁጠባውን ፖለቲካውን ምትሕግጋዝ ከንፈጥር ንኽእል ኣብ ዝብል ምትኳር እምበር ንድሌት ኢትዮጵያ ጥራሕ ምቁዋም ግቡእ ኣይኮነን:: ናይ ምብራቅ ኣፍሪካ ፖለቲካ ኣብ ሞንጎ ህዝቢታት ኣብዝግበር ናይ ሓባር ምርድዳእ፣ ብናይ መራሕቲ ናይ ምትሕብባር መንፈስን ኣብ ናይ ሓባር ረብሓ ዝተመስረተ ልምዓት የድሊ:: ድሌት በሪ ባሕሪ ኢትዮጵያ ተደጋጊፍካ ኣብ ምዕባይ ዘትኮረ እምበር ናይ ዝኾነት ሃገር ልኡላውነት ዝዳፋእ ኣይኮነን:: ስለዚ እዚ ክድገፍ 'ዩ ዘለዎ::

እተን ምስ ናይ ኢትዮጵያ ድሌት በሪ ባሕሪ ብተፃራሪ ጠጠው ዝብላ ሃገራት፣ ኢትዮጵያ ኣፍ በሪ ባሕሪ ምርካባ ተጎዲኦም እንተይኮኑስ ዕቤት ኢትዮጵያ ብፅቡቕ ስለዘይምልከቱ 'ዮም:: ኢትዮጵያ ዓቅማ ብምጥንኻር ፅዕንቶ ፈጣሪት እናኾነት እንተመፂኣ ስግኣቶም ስለ ዝመስሎም ኢትዮጵያ ኣብዘለቶ ደው ከትብል ስለ ዝደልዩ 'ዮም:: ንኢትዮጵያ ዝፃረሩ ሃገራት ይፍለጡ 'ዮም። ነዚ ጉዳይ ከነቕልበሉ ኣለና።

ነዚ ብዝምጥን ዲፕሎማስያዊ መልሲ ምሃብን የድሊ:: ድሌት በሪ ባሕሪ ኢትዮጵያ ብኣግባቡ ምስኻዕ የድሊ:: ኢትዮጵያ ምስ ሶማሊላንድ ዝገበረቶ ናይ በሪ ባሕሪ ስምምዕ ስዒቡ ነቲ ጉዳይ ኢትዮጵያ ምስ ሶማልያ ምስሕሓብ ከትፈጥር ዝደልዩ ሓይልታት ኣለዉ።

ሓደ ሓደ ኣካላት ካብ ውሽጢ ነዚ ስምምዕ እዚ ዝቓወሙ ኣለዉ:: ኮይኑ ግና ዋላ ናይ ፖለቲካዊ ፍልልይ ይሃልወና ኩልና ኢትዮጵያውያን ኣብ ከምዚ ዓይነት ሃገራዊ ረብሓ ሓደ ክንኸውን ኣለና:: እዚ ናይ ፓርቲ ጉዳይ እንተይኮነስ ናይ ሃገር ጉዳይ 'ዩ:: ኣብ ብሄራዊ ጥቅሚ ፖለቲካዊ ፍልልያት ንጎኒ ብምግዳፍ ሓደ ምኳን የድሊ:: ሓደ ሓደ ኣፉላላያት ክህልዉ ይኽእሉ 'ዮም:: እቶም ኣፉላላያት ግና ንዓዲ ብዝጠቅም ክኸውን ኣለዎ:: ብመንግስቲ ይምፃእ ብኻሊእ ንሃገር ዝጠቕም እንተኾይኑ ኩሉ ኢትዮጵያዊ ክድግፎ ክኽእል ኣለዎ:: ጥራሕ ንሃገር ዘቕፅልን ዝጠቕምን እንተኾይኑ ኩሉ ኢትዮጵያ ክረባረብን ክተሓጋገዝን ኣለዎ:: ኣብዚ ሓደ ሓደ ኣካላት ኣብ ኣታጋባብራ ስግኣት እንተልይዎም ድማ ምዝርራብን ምምኽኻርን ኣይጎድእን:: ብቕንዕና ንጥንቓቐ ዝኣክል ጥራሕ እንተኾይኑ ከም ኣወንታዊ ክውሰድ ኣለዎ:: ካብ መንግስቲ 'ውን እኹል መብርሂ የድሊ 'ዩ:: ግንዛበ ኣብ ምጭባጥ ስራሕቲ ክስርሑ ኣለዎም:: ግልፂ ክኸውን ዝግበኦ ነገር ግልፂ ምግባር ይጠቕም እምበር ኣይጎድን:: ግልፂ ክኸውን ዝግበኦ ነገር ግልፂ እንተኾይኑ ኩሉ ብሓደ ግንዛበ ወሲዱ ንጥቅሚ ሃገሩ ጠጠው ንምባል ኣይፅገምን::

**ወጋሕታ፡- እዚ ስምምዕ ናብ ባይታ ክወርድ ካብ መን እንታይ ትፅቢት ይግበር ይብሉ?**

**ኣይተ መስፍን፡-** መጀመርያ ብዛዕባ ስምምዕነት ግልፂ ክኸውን ኣለዎ:: ማለት ኩሉ ክርደኦ ደጋጊምካ ምስራሕ የድሊ:: ንሕብረተሰብ ደጋጊምካ ክተርድእ ይግበኣካ:: ሱማሊላንድ ገና ሃገር ኣይኮነትን፤ ኣፍልጦ ኣይረኸበትን:: ኮይኑ ግና ካብ ሱማሌ ተገንፂላ እትነብር ዘላ ዓዲ 'ያ:: ብፀጥታ ይኹን ብኻልኦት ነገራት ኣብ ደሓና ብርኪ ዘላ ዓዲ 'ያ:: ምስተፈላላያ ሃገራት ዝተፈላለዩ ርክባት እትገብር ዓዲ 'ያ:: ፅቡቅ መንግስታዊ ቕርፂን መንግስታዊ ማሕውርን ዘለዋ ሃገር 'ያ:: ኮይኑ ግና መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣፍልጦ ክህባ እንተኾይኑ ኣብዚ ጉዳይ እዚ ልዑል ጥንቓቐ ዘድሊ ይመስለኒ:: ምኽንያቱ ብዙሕ ኣፀጋሚ ነገራት ክህልዎ ይኽእል 'ዩ:: ንኣብነት ኣብ ቻይና ናይ ታይዋን እንተሪእና ኣብዚ እቶ ዘይበሃላ ክልተ ሃገራት ምስ ቻይና ፅቡቕ ርክብ ዘይብለን እየን ንታይዋን ኣፍልጦ ሂበንኣ:: ብዙሓትን ከም እንግሊዝ ዝበላ ዓበይቲ ሃገራትን ምስ ታይዋን ፅቡቕ ርክብ እናሃለወን ኣፍልጦ ኣይሃባኣን:: ንምንታይ እንተይልና ናይ በዓሉ ምኽንያት ክህልዎ ይኽእል 'ዩ:: ኣብዚ ኣፍልጦ ንምሃብ ዝተሓሰበ እንተሃልዩ ምናልባት ጎዳኢ ከይኸውን ብደንቢ እንተተመርመረ ዝኸፍእ ኣይመስለንን:: ኣብዚ ጥንቓቐ ምግባር ዘድሊ ይመስለኒ:: ካብኡ ወፃኢ ዘሎ ግና ብዝተፈላለዩ መንገድታት እትርከብ ተጣናኺሩ ክቕፅል ኣለዎ::

እቲ ርክብ ናብ ተግባር ዝቕየረሉ ኩነታት ንምፍጣር ድማ ናይ መንግስቲ ጥራሕ እንተይኮነስ ናይ ኩሉ ኢትዮጵያዊ ሓላፍነት 'ዩ ዝኸውን:: ብወገን ሱማሊላንድ 'ውን ተመሳሳሊ ቕዋም ክህሉ ኣለዎ:: ቐልጢፍካ ድማ ናብ ተግባር ክእቶ ይግባእ:: ናብ ስራሕ ዝእተወሉ መንገዲ ካብ ክልቲኡ ወገን ልዑል ስራሕቲ ክስራሕ ኣለዎ:: ምኽንያቱ ናይ ወደብ ጉዳይ ብጣዕሚ ወሳኒ 'ዩ::

**ወጋሕታ፡- እቲ ስምምዕ ክሳብ ናይ ካልኦት ሃገራት ልኣላውነት ዘይተዳፈአ እተን ካልኦት ሃገራት 'ውን ክድግፈኦ ኣለዎን:: እዚ ተደጋጊፍካ ሓቢርካ ናይ ምዕባይ ጉዳይ 'ዩ ዝብሉ ኣካላት ኣለዉ:: ንሶም ኣብዚ ዘለዎም ርኢቶ ተዝገልፁልና?**

‹‹ኢትዮጵያ ምስ... ገፅ 6

# ‹‹ኢትዮጵያ በሪ ባሕሪ ንምጥቃም ምስ...

**ኣይተ መስፍን፡-** እዚ ናይ ክልቲኦን ስምምዕ ጉዳይ ክሳብ ናይ ካልኦት ሃገራት ልኣላውነት ዘይተዳፈአ ኩሉ ክድግፎ 'ዩ ዘለዎ። ዝኾነት ሃገር ከትድግፎ 'ዩ ዘለዋ። ኢትዮጵያ እትኽተሎ ዘላ ዲፕሎማሲ ሓቢርካ ተደጋጊፍካ ናይ ምዕባይ መትከል እምበር ናይ ማንም ሃገር ልኣላውነት ዝፃረር ኣይኮነን። እዚ ተደጋጊፍካ ሓቢርካ ናይ ምዕባይ ጉዳይ 'ዩ። ኢትዮጵያ ሂባ ብምቅባል በሪ ባሕሪ ናይ ምጥቃም መሰል ኣለዋ። እቲ ስምምዕነት ንኽልቲኦን ዝጠቅም 'ዩ። ንኢትዮጵያ ጥራሕ ኣይኮነን ዝጠቕም። ዋላ ካብ ክልቲኦን ወፃኢ ዘለዋ ጎረቤት ሃገራት 'ውን ተጠቀምቲ 'የን። ብሰላምን ልምዓትን ሓቢረን ተደጋጊፈን ንኽዓብያ ዝጠቕም 'ዩ። እዚ ስምምዕ እዚ ንማንም ሃገር ዝጎድእ ኣይኮነን። ከምእኒ ግብፂ ዝበላ ታሪኻዊ ፀላእቲ ሃገራት ኢትዮጵያ ነዚ ስምምዕ እዚ ክቃወምኦ ትሪኢ ኢኻ። እዚ ኣዝዩ ጌጋ 'ዩ። ከም እንዚኦም ዝበሉ ሃገራት ፅቡቓት ዕድላት ናብ ሕማቅ ነገር ብምቕያር ነዛ ዓዲ ንምጉዳእ ዝፅዕሩ 'ዮም። እዚ ድማ ፍፁም ጌጋ 'ዩ። እዚ ሓዱሽ ኣይኮነን። ብፍላይ ግብፂ ንዘመናት እናሰርሐትሉ ዝመፀት 'ዩ። ሕዚ ኣይኮነን ተጀሚሩ። ከምዚ ዓይነት ካብ ፀላኢ እትፅበዮ ነገር 'ዩ። ከምዚኦም ዝበሉ ሃገራት ድማ እቲ ነገር ተረዲኦም ኣብ ጎኒ ክልቲኦን ኣካላት ክስለፉ ምግባር ዘይሕለል ዲፕሎማስያዊ ፃዕሪ ክስራሕ ኣለዎ። ኣብዲፕሎማሲ ብዙሕ ስራሕቲ እንተተሰሪሑ ኩሉ ነገር መመልከዑ ክሕዝ 'ዩ።

**ወጋሕቲ፡- ኣብታ ሃገር ዘምፀኦ ኢኮኖሚያዊ ለውጢ ብፍላይ ምስ ምንሃር ዋጋ ተተሓሒዙ ከመይ ይገልፅዎ?**

**ኣይተ መስፍን፡-** እዚ ብዙሕ ዘተሓታትት የብሉን። ብዙሕ ለውጢ ከምፅእ ዝኽእል 'ዩ። ስራሕ ኣብ ምፍጣር፣ ናሕሪ ዋጋ ኣብ ምቅናስ ዘምፅኦ ኣወንታዊ ውፅኢት ዝናዓቕ ኣይኮነን። ኢትዮጵያ ኣማራፂ ባህሪን ወደብን ከትረክብ እንተላ እቶም ዝኣትዉ ሸቀጣት ናይ ክራይ ዝቕንስሉ ኩነታት ስለዝፍጠር ምስእዚ ተተሓሒዙ ዋጋ ሸቐጣት ዘይቅንሰሉ ኩነታት ኣይህሉን። ምኽንያቱ ኣማራፂ እንትሰፍሕ ነቲ ወደብ ይኹን ነቲ ባሕሪ ዝኽፈል ዋጋ ሓደ ዓይነት ኣይኮነን። መማረፂ እንትሰፍሕ ናብ ሃገር ዝኣትዉን ንደገ ዝወፁን ሸቐጣት ዋገኦም ይቕንሱ። ከምኡ 'ውን ዝሓሸ ምንቅስቓስ ንግዲ ይፍጠር። በዚ መሰረት ስራሕ ዕድል ይፍጠር። ተባለሸዩ ዘሎ ዝተወሰነ ናይ ስራሕ ዕድላት ምምሕያሹ ኣይተርፎን። ስለዚ እዚ ስምምዕ እዚ ብዙሕ ረብሓ ሒዙ ዝመፅእ 'ዩ።

**ወጋሕታ፡- ንዝነበረና ፃኒሕት የቕንየልና።**

**ኣይተ መስፍን፡-** ኣነ 'ውን የቕንየለይ።

# ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ሱማሊላንድን...

ሕዚ ተኸሲቱ ዘሎ ምውሳኽ ዋጋ ሸቐጣት ንምቕናስ ዝህልዎ እጃም ቐሊል ኣይኮነን፤ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብፍጥነት ቑፅሩ እናወሰኸ ምስዝኸድ ዘሎ ተተሓሒዙ ብሓንቲ በሪ ባሕሪ ኢኮኖሚያዊ ድሌቱ ከማላእ ኣይኽእልን ኢሎም።

ኢትዮጵያ ዋላ ናይ በዓላ በሪ ባሕሪ ኣይሃልዋ ሂብካ ምቅባል ብዝብል መትከል በሪ ባሕሪ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዋ 'ዩ ዝበሉ ኣይተ መስፍን፤ ብፍላይ ድሌት በሪ ባሕሪ ኢትዮጵያ ንዝኾነት ዘይጎድእን ሂብካ ምቕባልን ኣብ ዝብል መትከል ዝተመስረተ ብምዃኑ ኩሉ ክድግፎ ዝግባእ ጉዳይ 'ዩ ክብሉ ገሊፆም።

ልዕሊ 120 ሚልዮን ህዝቢ ኢኮኖሚያዊ ድሌቱ ብሓንቲ በሪ ባሕሪ ብኣግባቡ ክተማለአሉ ኣይትኽእልን፤ ኢኮኖሚ ብኣግባቡ ንምምላእ ኣፍደገ ባሕሪ ኣዝዩ ወሳኒ 'ዩ፤ ብዘይ መማረፂ በሪ ባሕሪ ኢኮኖሚያዊ ሕቶ ህዝቢ ምምላስ ኣይከኣለን፤ ብምዃኑ ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው ኩሉ ኢትዮጵያዊ ክረባረብን ክተሓጋገዝን ኣለዎ።

ቐልጢፍካ ናብ ተግባር ክእቶ ናይ መንግስቲ ሓላፍነት ጥራሕ እንተይኮነስ ናይ ኩሉ ኢትዮጵያዊ ሓላፍነት 'ውን 'ዩ ዝኸውን ዝበሉ ኣይተ መስፍን፤ ብወገን ሱማሊላንድ 'ውን ተመሳሳሊ ቕዋም ክህሉ ኣለዎ። ናብ ስራሕ ዝእተወሉ መንገዲ ካብ ክልቲኡ ወገን ልዑል ስራሕቲ ክስራሕ ኣለዎ ክብሉ ኣተሓሳሲቦም።

ኣብ ኣሜሪካ በዓል ሙሉእ ስልጣን ኣምባሳዶር ኢንጅነር ስለሺ በቀለ (ዶ/ር) ብወገኖም ኢትዮጵያ ብዲፕሎማስያዊ መንገዲ ሂብካ ምቕባል ብዝብል መትከል በሪ ባሕሪ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዋ ክብሉ ገሊፆም።

እቶም ኣምባሳዶር ንትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ከምዝገለፅዎ፤ ድሌት በሪ ባሕሪ ኢትዮጵያ ናይ ዝኾነ ኣካል ወይ ሃገር ዘይጎድእን ሂብካ ምቕባል ኣብ ዝብል መትከል ዝተመስረተ 'ዩ።

እንተነኣስ ንናይ ገዛእ ርእስና እንብሎ ሚስጥርና ንሕልወሉን ምትሕብባርና እነድልድለሉን በሪ ባሕሪ የድልየና 'ዩ። በዚ ኣግባብ ብዝግባእ ዲፕሎማስያውን ሂብካ ምቕባል ብዝብል መትከል በሪ ባሕሪ ናይ ምርካብ መሰል ኣለና። ብግቡእ ጥንቃቐን ብቕዓት ብዘለዎ ዲፕሎማሲን እናተመርሐ እቲ ጉዳይ መፍትሒ ክረክብ እፎይ ንብለሉ ወደብ የድሊ 'ዩ ኢሎም።

ከም ኢትዮጵያ ብዙሕ ህዝቢ ሒዛ በሪ ባሕሪ ዘይብላ ሃገር ኣብ ዓለም የለን ዝበሉ እቶም ኣምባሳዶር፤ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ዝቕፅሉ ሽዱሽተ ዓመታት ናብ 150 ሚልዮን ክበፅሕ ይኽእል 'ዩ። እዚ ቀሊል ዝበሃል በዝሒ ህዝቢ ኣይኮነን፤ ብጣዕሚ ብዙሕ 'ዩ። ነዚ ህዝቢ እዚ ኢኮኖሚያዊ ድሌቱ ብዘይ በሪ ባሕሪ ብኣግባቡ ክተማላኣሉ ከምዘይትኽእልን ኢኮኖሚ ብኣግባቡ ንምምላእ ኣፍደገ ባሕሪ ኣዝዩ ወሳኒ ከምዝኾነን ገሊፆም።

እተን ምስ ናይ ኢትዮጵያ ድሌት በሪ ባሕሪ ብተፃራሪ ጠጠው ዝበላ ሃገራት፣ ኢትዮጵያ ኣፍ ደገ ባሕሪ ብምርካባ ተጎዲኦም እንተይኮኑስ ዕቤት ኢትዮጵያ ብፅቡቕ ስለዘይምልከቱ 'ዮም። ኢትዮጵያ ዓቅማ ብምጥንኻር ፅዕንቶ ፈጣሪት እናኾነት እንተመፂኣ ስግኣት ስለ ዝመስሎም ኢትዮጵያ ኣብዘለቶ ደው ክትብል ስለ ዝደልዩ 'ዮም ኢሎም።

ኢትዮጵያ ምስ ሶማሊላንድ ዝገበረቶ ናይ በሪ ባሕሪ ስምምዕነት ስዒቡ ነቲ ጉዳይ ኢትዮጵያ ምስ ሶማልያ ምስሕሓብ ክትፈጥር ዝደልዩ ሓይልታት ከምዘለዉ ዝገለፁ ኣምባሳዶር ስለሺ፤ ኢትዮጵያ ሂብካ ምቕባል ብዝብል መትከል እናተጎዓዘት በሪ ባሕሪ እንተተኸልኪላ ሰላማዊ ዝኾነ ዞባ ክህሉ ኣይክእልን ኢሎም።

ኣብ ምትሕብባር ዝተመርኮሰ ኣካይዳ ንምዕባለን ዕብየትን እቲ ዞባ ወሳኒ 'ዩ። ምብራቕ ኣፍሪካ ንምዕባይ ከመይ ገይርና ቁጠባውን ፖለቲካውን ምትሕግጋዝ ክንፈጥር ንኽእል ኣብ ዝብል ምትኳር 'ምበር ንድሌት ኢትዮጵያ ጥራሕ ምቅዋም ግቡእ ኣይኮነን ኢሎም።

ናይ ምብራቅ ኣፍሪካ ፖለቲካ ኣብ ሞንጎ ህዝቢታት ኣብ ዝግበር ናይ ሓባር ምርድዳእ፣ ብናይ መራሕቲ ናይ ምትሕብባር መንፈስን ኣብ ናይ ሓባር ረብሓ ዝተመስረተ ልምዓት የድሊ። ድሌት በሪ ባሕሪ ኢትዮጵያ ተደጋጊፍካ ኣብ ምዕባይ ዘትኩር 'ዩ ኢሎም።

# ሚኒስቴር ስራሕን ክእለትን ንስራሕ...

ተረኺቡን ከምዝበልኦ፤ ዕድል ፈጠራ ስራሕ መናእሰይ ብስደት ዘይኮነስ ከባቢኻ ብምልማዕ ንባዕልኻን ማሕበረሰብኻን ብምርባሕን ክኸውን ይግባእ።

ካብቲ ሞንጎ እቲ ድጋፍ ንክልተ ሽሕ ዝኾኑ መንእሰይ ስራሕ መጀመሪ ዝውዕል ነንሕድሕዶም 50 ሽሕ ብር ከምዝኾነ ገሊፀን።

እቶም መናእሰይ ካብ መንግስቲ ፌደራልን ባንኪ ዓለም ዝተረኸበ ሓገዝ ክእለቶም ንምዕባይ ሰሪሖም ድማ ዓርሶምን ኸባቢኦምን ምቅያር ከምዝግባእ ወይዘሮ ሙፈሪያት ኣረዲኣን።

መንእሰይ ከባቢኦም ብምልማዕ ንባዕሎም ይኹን ንማሕበረሰቦም ተረባሒ ንክገብሩ እቲ ሚኒስትር ዝግበሮ ሓገዝ ኣጠናኺሩ ከምዝቕፅል 'ውን ወሲኸን ገሊፀን።

መናእሰይ ብዕድል ስራሕ ተረባሕቲ ንምግባር መንግስቲ ፌደራልን ባንኪ ዓለምን ንዝገብርዎ ሓገዝ ፕሬዚዳንት ግዝያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ኣይተ ጌታቸው ኣመስጊኖም።መሰረተ ልማታት መሊስካ ንምህናፅ መንግስቲ ፌዴራልን ባንኪ ዓለምን እናገበርዎ ዘለው ሓገዝ ተጠናኺሩ ንኽቅፅል ሓቲቶም።

እቲ ድጋፍ ስልጠና ክእለት እናተወሃቡ ንዝርከቡ ክልተ ሽሕ መናእሰይ ኣብ ዝቅፅል ንዝሰርሕዎ ስራሕቲ መበገሲ ካፒታል ከምዝኾኖም ዝገለፃ ድማ ኣብ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ናይ ቴክኒክን ሙያን፤ ትምህርትን ስልጠናን ዕድል ስራሕ ፈጠራ ቢሮ ሓላፊት ዝኾና ወይዘሮ ገነት ኣረፈ 'የን።

እቲ ድጋፍ ከባቢኦም ብምልማዕ ዓርሶም ንክልውጡ ዝገብር ብምዃኑ ታሕጓስ ከምዝስምዖም ናይቲ ፕሮጀክት ተጠቀምቲ ዝኾኑ መናእሰይ ገሊፆም።

እቲ ሚኒስትር ፕሮጀክት ዕድል ፈጠራ ስራሕ ካብ ምጅማሩ ብተወሳኺ ኣናእሽተይን ማእኸላይን ዘፈራት ማኑፋክቸሪንግ ንምንቅቃሕ 200 ሚሊዮን ብር ሓገዝ ምግባሩ ተገሊፁ።

እቲ ድጋፍ ኣብቲ ጊዜያዊ ምምሕዳር ንዝርከቡ ሰለስተ ሽሕ ዘንቀሳቐስዎም ዝፈራት ማኑፋክቸሪንግ መነቃቅሒ ዝውዕል ምዃኑ ፀብፃብ ግ.ዜ.ኢ. የመልክት።

ልዕሊ ክልተ ሽሕ መናእሰይ ከተማ መቐለ ናብ ተግባራዊ ፈጠራ ዕድል ስራሕ ንምእታው ተግባራዊ ስልጠና ዝወሰዱ እንትኾኑ፣ መንእሰይ ትግራይ ኣብ ዝሓለፉ 3 ዓመት በቲ ዝነበረ ኩናት ስዒቡ ኣብ ዝኸፍአ ኩነታት ብምንባሩ ሕዚ ቀንዲ ትኹረትና ቐፃሊ ተስፋ ትግራይ ንምግሃድ ግደ መናእሰይ ልዑል ከምዀነ ብምርዳእ ቐፃላይ ዳግም ሕውየት ትግራይ ንምርግጋፅ ንመናእሰይ ትኹረት ብምሃብ ክስራሕ ይግባእ ክብሉ ኣብቲ መድረኽ ዝተረኸቡ ፕረዚደንት ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ጌታቸው ረዳ ሓቢሮም።

ኣይተ ጌታቸው ረዳ ነዚ ዝሓበሩ ቢሮ ቴክኒክ፣ ሞያ፣ ትምህርትን ስልጠናን ትግራይ ምስ ፌደራል ብምትሕብባር 13 ጥሪ 2016 ዓ.ም ኣብ ከተማ መቐለ ኣብ ዝተኻየደ ፈላማይ መድረኽ ምኽክር ስልጠና ፈጠራ ዕዱል ስራሕ መናእሰይ 'ዩ።

ተስፋ ዘይብሉ መንእሰይ ዝሓዘት ዓዲ ቐፃልነት ዘለዎ ዕብየት ክተረጋግፅ ኣይትኽእልን ዝበሉ ኣይተ ጌታቸው ረዳ፣ ከም ትግራይ ዝነበረና ሃፍቲ ዋላ እንትባደመ ዘለና ውሱን ሃፍቲ ብምጥቃምን ምስ ዝተፈላለዩ ኣካላት ብምርድዳእን ቐፃልነት ዘለዎም ዝተፈላለዩ ሞያዊ ስልጠናታት ብምሃብን መናእሰይ ናብ ስራሕ ብምእታው መፍረይቲ ዝኾንሉ ኩነታት ክንፈጥር ኢና ኢሎም።

ሚኒስትሪ ሚኒስትር ክእለትን ፈጠራ ዕድል ስራሕን ፌደራል ወይዘሮ ሙፍርያት ካሚል ብግድኣን፣ ኣብ ትግራይ ብምኽንያት እቲ ኲናት ኣብ መናእሰይ ብዙሕ ጉድኣት በፂሑ 'ዩ። ሕዚ ዘድሊ ካብዚ ብምውፃእ ሙሉእ ዓቕምና ኣብ ስራሕቲ ፈጠራ ዕድል መናእሰይ ብትኹረት ምስራሕ 'ዩ ኢለን።

ኣብዚ ካብ መናእሰይ ትፅቢት ዝግበር ኣብ ዝተዋፈርዎ ዓውደ ስራሕቲ ወፅኢታዊ ምዃን 'ዩ ዝበላ እተን ሚኒስትር፤ ኣብ ትግራይ ግልጋሎት ሓደ ማእኸል መውሃቢ ስልጠና ብቐፃልነት ክነስፋሕፍ ኢና ክብላ ገሊፀን፡፡

ብኻልእ ወገን ልዕሊ 65 ሽሕ ብር ዝግመቱ ዝተፈላለዩ ናውትታት ንቴክኒክን ሞያን ተመዲቡ ኣሎ ዝበላ እተን ሚኒስትር፣ ኣብ ትግራይ ዝረእ ዘሎ ዘይሕጋዊ ፍልሰት መናእሰይ ጠጠው ክብል ከምዝግባእን ከም መንግስቲ መናእሰይ ኣብ ዓዶም ሰሪሖም ንክልወጡ ኣብ ዝግበር ምርብራብ ኣድላይ ስራሕቲ ከምዘመቻቸውን ኣብሪሀን።

ሓላፊት ቴክኒክ፣ሞያ፣ትምህርትን ስልጠናን ትግራይ ወይዘሮ ገነት ኣረፈ ብወገነን፤ ኣብ ትግራይ እቲ ኹናት ብዙሓት ተስፋ ዝነበሮም መናእሰይ ተስፍኦም ከምዘፀልመቶ ብምሕባር፤ ድሕሪ እቲ ተነፃፃሪ ሰላም ውዕሊ ፕሪቶሪያ ግና ዓንዮም ዝነበሩ ቴክኒክን ሞያን ብውስን መልክዑ ናብ ስራሕቲ ብምእታወን ካብ ሽውዓቲኦን ክፍላተ ከተማ መቐለ ዝተመልመሉ 2000 መናእሰይ ናብ ተግባራዊ ስልጠና ምእታው ከምዝተኻኣለ ገሊፀን፡፡

ስልጠንቲ መናእሰይ ብግዲኦም፤ መንእሰይ ትግራይ ካብ ዘይተደለየ ዘይሕጋዊ ስደት ተናጊፉ ኣብ ዓዱ ሰሪሑ ንክነብር ተጀሚሩ ዘሎ ስልጠናታት ቐፃልነት ህልዎ ከምዝግባእ ኣብሪሆም ክብል ቢሮ ጉዳት ኮሙኒኬሽን ትግራይ ፀብፂቡ፡፡

## ‹‹ከም ሃገር ዘጋጠሙና ፀገማት ንምፍታሕ ...

ኮምሽን ሃገራዊ ምኽክር ኣብ ክልል ማእኸላዊ ኢትዮጵያ ዞባ ምብራቕ ጉራጌ ኣጀንዳ ዝህቡ ተወከልቲ መረፃ ትኹረት ዝገበረ መድረኽ ዘተ ኣብ ከተማ ቡታጅራ ኣኻይዱ፡፡

ኮምሽነር ኮምሽን ሃገራዊ ምኽክር ኢትዮጵያ ዶ/ር ዮናስ ኣዳዩ ከምዝገለፅዎ፤ ከም ሃገር ዝገጠሙና ፀገማት ብምኽክርን ዘተን ምፍታሕ ኣድላይ 'ዩ፡፡

ፀገማት ብምዝርራብን ብምኽክርን ምፍታሕ ፍታሕ ንምድላይ ዘለዎ ግደ ዓብይ ምዃኑ ዝገለፁ እቶም ኮምሽነር፤ ኣቦታት ሃይማኖትን ሽማግለታት ሃገር ከይዲ እቲ ምኽክር ውፅኢታዊ ንክኾን ዓብይ ሓላፍነት ከምዝተውሃቦም ኣፍሊጦም፡፡ ኣብ ውሽጢ ምኽክር ሓቂ ምድላይ ዘኽእል 'ዩ፤ ሓዳሽ ኢትዮጵያ ንምፍጣር 'ውን ዘኽእል 'ዩ ኢሎም፡፡

ሃገር ቦቀል ፍልጠት ብምጥቃም ከይዲ እቲ ምኽክር ውፅኢታዊ ምግባር ይካኣል 'ዩ ዝበሉ እቶም ኮምሽነር፤ ውፅኢት ፅንዓት ምርምር ከምኡ 'ውን ብሚድያ ዝሰራጨዉ ሓበሬታ መልዓሊ ብምግባር ዝግበር ዘተ ናብ ልዑል ብርኪ ንምስግጋር እናተሰርሐ ከምዝኾነ ገሊፆም፡፡

ፀገማት ብምኽክር ምፍታሕ ዝኻኣሉ ሃገራት ንዕብየትን ልምዓትን ተጠቂሞምሉ 'ዮም፤ ከም ሃገር ጭቡጥ ኩነታት ዘጋጠሙና ፀገማት ንምፍታሕ ምስ ኹሉ ክፍልታት ሕብረተሰብ ዘተ ብምክያድ ንሓባር ፀገማትና ሓበራዊ ፍታሕ ንምምፃእ እናተሰርሐ ከምዝኾነ ኣረዲኦም፡፡ ኣጀንዳ ዝህቡ ተወከልቲ ከይዲ መረፃ ኹሉ ዘካተተ፣ ግልፅነት ፣ኣሳታፊነትን ተኣማንነትን ዘገናዘበ ክኸውን ከምዝግባእ ከምዝገለፁ ኮምኒኬሽን እቲ ክልል ፀብፂቡ ፡፡

ብተመሳሳሊ «ዓድዋ ንጠንካራ ህንፀት ሃገረ መንግስቲ » ብዝብል መሪሕ ሓሳብ መድረኽ ሃገራዊ ምኽክር ኣብ ዩኒቨርሲቲ ሰመራ ተኻይዱ፡፡

“ዓድዋ ንዘላቒ ሰላምን ንፅኑዕ ሃገረ መንግስቲ ህንፀትን ሃገራዊ እሴታት” ብዝብል መበገሲ መፅናዕታዊ ፅሑፍ ቀሪቡ ዘተ ተኻይድሉ 'ዩ፡፡

ኣብቲ መድረኽ ሚኒስትር ዴኤታ ሚኒስቴር ሰላም ከይረዲን ተዘራ ( ዶ/ር)፣ ኣባላት ባይቶ ወከልቲ ህዝቢ፣ ፕሬዚዳንት ዩንቨርስቲ ሰመራ መሓመድ ዑስማን (ዶ/ር)፣ ኣባላት ሰራዊት ምክልካል ሃገርን ፖሊስ ፌዴራልን ካልኦት ምሁራን ዕዱማት ኣጋይሽ ተረኺቦም 'ዮም።

# ‹‹ኢትዮጵያ ዲፕሎማሲኣ ካብ ወገናውነት ብዝረሓቐ መልክዑ ዘሳለጠትሉ መገዲ መምሀሪ ‘ዩ››



- ኣንተነህ ጌታቸው (ዶ/ር)

በሪሁ ኣርጋ

ኣዲስ ኣበባ፡- ኢትዮጵያ ብቕብብል ዘመናት ካብ ወገናውነት ንላዕሊ ብሄራዊ ረብሓ ኣብ ምኽባር ኣድሂባ ዲፕሎማሲኣ ዘሳለጠትሉ መገዲ ዝድነቕን ንኻልኦት ‘ውን ኣብነት ዝኸውንን ‘ዩ ክብሉ ኣብ ኢንስቲትዩት ጉዳያት ወፃኢ ዋና ዳይሬክተር ኤዥያን ፓስፊክን ኣንተነህ ጌታቸው (ዶ/ር) ገሊፆም።

ኣንተነህ ጌታቸው (ዶ/ር) ብፍላይ ንትካል ፕሬስ ኢትዮጵያ ከምዝገለፅዎ፤ ብቕብብሊት መንግስታት ዲፕሎማሲ ኢትዮጵያ ካብ ወገናውነት ንላዕሊ ኣብ ብሄራዊ ረብሓ ዝጠመተ ‘ዩ።

ዲፕሎማሲያዊ መትከል ኢትዮጵያ ንዝኾነ ወገን ዝድግፍ ብዘይምዃኑ ኣብ ዝተፈላለዩ ዘመናት ብዝነበሩ ነገስታትን መራሕትን ብሄራዊ ረብሓ ሃገር ኣብ ምኽባር ዝጠመተ ዲፕሎማሲያዊ መትከል ተግባራዊ እናተገበረ ፀኒሑ ኢሎም።

በዓል ብዙሕ ወገን ዲፕሎማሲ ብዓለም ለኻዊ ኩነታት ኣብ ዝለዓሉ ጎንፅታት ወይ ኣብ መንጎ ክልተ ኣካላት ኣብ ዝለዓሉ ኲናታት ኢትዮጵያ ንሓደ ወገን መሪፃ ካብ ምድጋፍ ማእኸላይ ቦታ ሒዛ ነቲ ኩነታት ኣብ ምፅናዕ ከምተዘንብል መረዳእታታት ታሪኽ ምህላዎም ኣረዲኦም።

ኣብ ዘመን ስርወ-መንግስቲ ዛጉዌ ኣብ ዝተልዓለ ኲናት መስቀል ኢትዮጵያ ክርስትያን መንግስታት ደጊፋ ንክትቐውም እንተተሓተተት ‘ውን ገለልተኝነት ብምምራፅ ኣብቲ ኲናት ዘርኣየቶ ቅዋም ምስ ማንም ዘይወገነንን ብሄራዊ ረብሓ ምኽባር ኣጀንዳ ዝገበረን ዲፕሎማሲያዊ ኣካይዳ ነዊሕ ዘመናት ከምዝለዋ ሓደ መርኣያ ‘ዩ ክብሉ ተዛሪቦም።

ኢትዮጵያ ኣባል ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ ጉጅለታት እንተኾነት ‘ውን ኣብ ሓደ ኢኮኖሚያዊ ጉጅለ ጥራሕ ተወሲና ምስ ኻልኦት ዘለዋ ዲፕሎማሲ ኣይተቋርፅን ዝበሉ ዶክተር ኣንተነህ፤ ንኣብነት ኢትዮጵያ ናብ ጉጅለ ብሪክስ ድሕሪ ምእታዋ ምስ ምዕራባዊ ዓለማት ብመገዲ ዲፕሎማሲያዊ ክትግንፀል ‘ያ ዝብል ኣተሓሳስባ ዘይኾነስ ሃገርና ብሄራዊ ረብሓኣ ብምቕዳም ምስ ኩሎም ወገናት እናሰርሐት ክትቕፅል ‘ያ ኢሎም።

እዚ በዓል ብዙሕ ወገን ገለልተኛ ቕዋም ዘለዎ ዲፕሎማሲ ካብ ጉድኣቱ ንላዕሊ ረብሕኡ ከምዘመዝን ሓቢሮም፤ ብፍላይ ካብ ቐረባ ግዜ ናብዚ ብዘጋጠሙና ፈተናታት ዲፕሎማሲያዊ ምንቅስቓስና ውፅኢታዊ ‘ዩ ክብሉ ገሊፆም።

ኢትዮጵያ ኣብ እዋን እቲ ሰሜናዊ ኲናት፣ ኣብቲ ከባቢ ዘይምርግጋእን ኣብ ዘተ ግድብ ኣባይን ዘጨንቑ ዲፕሎማሲያዊ ፅዕንቶታት ካብ ዝተፈላለዩ ኣካላት ይበፅሑ ምንባሮም ኣዘኻኺሮም፤ ብመንፅር እቶም ፅዕንቶታት ውፅኢታዊ ፍፃመ ስራሕ በዓል ብዙሕ ወገን ብሄራዊ ረብሓ ምኽባር ከምዝተገበረ ምርኣይ ከምዝከኣል ኣመላኺቶም።

ኢትዮጵያ ብቕብብል ዘመናት ዲፕሎማሲኣ ካብ ወገናውነት ብዝረሓቐ መልክዑ ዘሳለጠትሉ መገዲ ዲፕሎማት ቑፃሊ ዘመን ብሰፊሑ ከመሃርሉ ከምዝግባእ ኣፍሊጦም።



## ኣብ ዞባ ማእኸላይ 16 ሚልዮን ፈልስታት ንምትካል ምድላው እናተገበረ 'ዩ

መኣርግ ገ/ሄር

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ክልል ትግራይ ዞባ ማእኸላይ ኣብ እዋን ክረምቲ ንዝህልው መርሃ ግብሪ ተኽላ ፈልሲ 16 ሚልዮን ፈልስታት እናተዳለዉ ምዃኖም ቤት ፅሕፈት ሃፍቲ ተፈጥሮን ውሕስና ምግብን ዞባ ማእኸላይ ግዝያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ኣፍሊጡ።

መተሓባበሪ እቲ ቤት ፅሕፈት ኣይተ ፍስሃ ፅዮን ነጋሽ ንግዜኢ ከምዝበልዎ፤ ኣብቲ ዞባ ብሓደጋታት ሰብ ስራሕን ተፈጥሮን ዝባደመ መሬት ብደኒ ንምሽፋን ሃገር ቦቆል ፈልስታት ኣብ ምድላው ይርከቡ።

16 ሚልዮን ፈልስታት ብምትካል ልዕሊ 400 ሽሕ ሄክታር መሬት ብደኒ ንምሽፋን ከምዝተተለመ ዝሓበሩ ኣይተ ፍስሃ ፅዮን፤ እቶም ኣብቲ ዞባ ኣብ እዋን ክረምቲ ዝትከሉ ፈልስታት ትሕዝቶ ደኒ ንምትኽኻእን ብምኽንያት ለውጢ ከባብያዊ ኣየር ንዘጋጥሙ ፀገማት ንምክልኻልን ከምዝሕግዙ ሓቢሮም።

ነባራይ ወረዳ ላዕላይ ማጨው ጣብያ መደባይ ወለል ዝኾኑ ሓረስታይ ቀሺ ገብረ ክርስቶስ ተወልደ፤ ዝባደመ ከባቢ ብደኒ ንምሽፋን ዝግበር ፃዕሪ ከምዝድግፉ ተዛሪቦም።

ኣብዚ ዝሓዝናዮ ዓመት ኣብ ዝካየድ መርሃ ግብሪ ፈልሲ ከምዝሳተፉ ዝገለፁ ነባራይ ጣብያ ዓዲ ኢሌን ሓረስታይ ጎይትኦም ዘሚካኤል ብግደኦም፤ እቲ መርሃ ግብሪ ተኽላ ፈልሲ ንቀፃሊ ወለዶ ዝሓሸ ከባቢ ንምትሕልላፍ ከምዝሕግዝ ገሊፆም።

## ልዕሊ 150 ሚልዮን ብር ዝግመቱ ኣቕሑት ንቢሮ ልምዓት ከተማን ኮንስትራክሽንን ትግራይ ሓገዝ ተገይሩ

መኣርግ ገ/ሄር

ኣዲስ ኣበባ፡- ሚኒስቴር መሰረተ ልምዓት ከተማ ፌዴሪኢ 158 ሚልዮን ብር ዝግመቱ ናይ ቢሮ ኣቕሑት ንቢሮ ልምዓት ከተማን ኮንስትራክሽንን ክልል ትግራይ ሓገዝ ገይሩ፡፡

ሚኒስትር ዴኤታ ሚኒስቴር ከተማን መሰረተ ልምዓትን ፌዴራል ኣይተ ፋንታ ደጀን ንግዝያዊ ምምሕዳር እቲ ክልል ሓላፊት ልምዓት ከተማ ሴክሬታርያት ወይዘሮ ያለም ፀጋይ ኣረኪቦም፡፡

እቶም ሚኒስትር ዴኤታ ኣብቲ ርክክብ ስነ ስርዓት ከምዝበልዎ፤ እቲ ሓገዝ ኣብቲ ክልል ኣብ ውሽጢ ሴፍቲኔት ፕሮግራም ንዝሳለጡ ስራሕቲ ዝሕግዙ መሰራሕታት ኣቑሑት ዘካተተ 'ዩ፡፡

ብተወሳኺ ኣብዚ ዓመት ኣብቲ ክልል ፕሮግራም ሴፍቲኔት ንምቕፃል መደባት ከምዘሎ ኣይተ ፋንታ ገሊፆም።

"ኣብ ከተማታት ዝነብሩ ፅጉማት ክፋላት ሕብረተሰብ ካብ ድኽነት ሓራ ወፂኦም ናብ ዝሓሸ ብርኪ ክበፅሑ ብዙሕ ስራሕ ይፅበየና ኣሎ" ዝበሉ እቶም ሚኒስትር ዴኤታ፣ መንግስቲ ፌደራል ነቲ መደብ ኣጣናኺሩ ከምዝቕፅሉ ገሊፆም።

ሓላፊት ሴክረታርያ ልምዓት ከተማ ክልል ትግራይ ወይዘሮ ያለም ፀጋይ ንዝተገብረ ድጋፍ ብምምስጋን፣ እቲ ድጋፍ ኣብቲ ክልል ፕሮግራም ሴፍቲኔት ልምዓት ከተማ ንምጅማር ከምዘኽእል ገሊፀን።

ብተወሳኺ ኣብቲ መደብ ዝካየዱ ንጥፈታት ብፍላይ ነቶም ኣብ ፀገም ዝርከቡ መንእሰያት፣ ደቂ ኣንስትዮን ካልኦት ክፋላት ሕብረተሰብን ተጠቐምቲ ከምዝገብር ኣፍሊጠን።

ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ውሕስና ምግቢ ከተማታት ፌደራል ኣይተ ብርሃኑ ተሾመ ብወገኖም፣ እቲ ድጋፍ ኣብ 5 ከተማታት እቲ ክልል ንዝነብሩ 38 ሽሕ ወገናት ተረባሕቲ ከምዝገብር ገሊፆም።

ብተወሳኺ ከንቲባ ከተማ ዓዲግራት ኣይተ ሰለሞን ሓጎስ ኣብዝሃብዎ ርኢቶ፣ እቲ ደገፍ ኣብ ከተማታት እቲ ክልል ንዝነብሩ ዜጋታት ዝጠቅም ከምዝኾነ ገሊፆም ክብል ግዜኢ ፀብፂቡ።

## ‹‹ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ስራሕቲ...

ተፃዊርና ምስ ሕብረተሰብና ተኣመሚንና ክንወፍር ይግበአና፤ እናተፀገምና እንተዘይሰሪሕና ካብ ፀገም ንምውፃእ ኣይንኽእልን ክብሉ ወሲኾም ይዛረቡ።

ካሊእ ወዲ 60 ዓመት ተመዛባሊ ብዓል ፀጋ ዕድመ 'ዮም። ሓረስታይ ኣይተ ገብረክርስቶስ ዮሃንስ ይበሃሉ። ኣብ ወረዳ ቃፍታ ሑመራ ብሕርሻ ዝመሓደሩን ኣብ ሑመራ ንብዙሕ ዓመታት ኣብ ክረምቲ ሰሊጥ እንዳዘርኡ ኣብ ሓጋይ መስኖ እንዳልምዑን ውሑስና ምግቢ ከቲቶም ፍርያቶም ንዕዳጋ እንዳቕረቡ ፅቡቕ ሂወት ዝመርሑ ዝነበሩ 'ዮም።

እዞም ወላዲ ብሰንኪ እቲ ኲናት ሃፍተ ገነቶም ራሕሪሖም ናብ ወረዳ ታሕታይ ማይጨው ከተማ ውቕሮ ማራይ ብምምዝባል ናብርኦም የሕልፉ ኣለዉ። እዞም ሓረስታይ ናብራ ምምዝባል ዋላ ዕር እንተበሎም ክሳብ ናብ መረበቶም ዝምለሱ ብዘለዎም ዓቕሚ ሕዚ ብዝተረኸበ ኣንፃራዊ ሰላም ካብ ከተማ ውቕሮ ማራይ ንኣንፈት ምዕራብ ማይሹም ተባሂሉ ኣብ ዝፍለጥ ቦታ ንመስኖ ዝኸውን መሬት ተኻርዮም እናልምዑ ይርከቡ።

እዞም ወላዲ፣ "ጠሚኻ እንዳሃለኻ ኮፍ ኢልካ ምብካይ ኣይተረኣየንን፣ ተኾርሚኻ ኮፍ ኢልካ ረድኤት ምፅባይ ትኽክል ኣይኮነን" ይብሉ።

በታ ዝደኸመት ጉልበቶምን ዘይቀሰነት ሕልነኦምን ዝተፈላለዩ ተኽልታት ብምልማዕ ዓርሶም ኪኢሎም ንዕዳጋ ቀረብ ዝኸውን ምህርቲ እንዳፍረዩ ከምዝኾኑ 'ዮም ዝገልፁ።

ናይዞም ወላዲ ሓቦ፣ ፃዕሪ፣ኣይስዓርን ባሃላይነት ፤ "ኣብ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ሰሪሐ ክነብር ኣለኒ" ዝብል ድልዱል መንፈስ ብምሓዝ ጠንኪሮም እናሰርሑ ይርከቡ። ኣብ መወዳእታ ዝብሎ ኣለኒ ዝበሉ ኣይተ ገብረክርስቶስ ዮሃንስ፣ "ነዞም ኣፍረይቲ ክኾኑ ዝኽእሉ መናእሰይ ደቀይ ዘስርሕ ጉልበት እንዳሃለዎም፣ ኣብ ዘይኮኑ ዘይሕጋዊ ተግባራት ዝውዕሉን ኣደዳ ዝተፈላለዩ ወልፍታት ኮይኖም ካብ ሰብ ተፀበይቲ ዝኾኑ ዘለዉን ልቦና ይሃብኩም፣ ጉልበትኩም ተጠቐምኩም ኣልምዑ" እየ ዝብል ክብሉ ምዒዶም 'ዮም። ስለዚ ክልል ትግራይ ዘስከፍ መጠን ዝናብ ዘለዋ ከባቢ እኳ እንተኾነት በዚ ልዕል ክብል ዝተጠቐሰ ኣብነት ሓደጋ ድርቒ ብምክልኻል ውሕስና ምግቢ ምርግጋፅ ስለዝከኣል ግቡእ ቖላሕታ ሂብና ክንሰርሐሉ ይግበአና።



# ስፖርት



## ናይ ሎሚ ኩዕሶ እግሪ ፀወታ ኣፍሪካ ቀፃሊ ዙር ዝሕወሱ ጉጅለታት ዝፍለየሉ ‘ዩ

**ኣብርሃ ሓጎስ**

ከምዝፍለጥ ተፈቓሪ ኩዕሶ እግሪ ዋንጫ ኣፍሪካ ናይ ሎሚ መበል 34ን ዝካየድ ዘሎ ሓዊሱ ኣብ ዝሓለፉ ከባቢ ሰብዓ ዓመታት እናተኻየደ ፀኒሑ ‘ዩ። ካብ1957 ኣ.ፈ ናይ መጀመርታ ኩዕሶ እግሪ ዋንጫ ኣፍሪካ ጀሚሩ ኣብዞም ዝሓለፉ መድረኻት ፀወታ ብዙሓት ዘይርስዑ ታሪኻት ተመዝጊቦም ሓሊፎም ‘ዮም።

ናይ ሎሚ ዘበን ኩዕሶ እግሪ ዋንጫ ኣፍሪካ ካብ ዝጅምር ሎሚ መበል 11 መዓልቱ ኣቑፂሩ ዘሎ ንምግማት ከቢድ ዝኾነን ብጥንኩር ንሕንሕ ተዓጅቡ እናቀፀለ ይርከብ። ኣብዚ ልዑል ናይ ኣሸናፊነት ግምት ዝተውሃቦም ሃገራት ነጥቢ ብምብኳኖም ምኽንያት ድማ ኣብ ምድባት ዝግበር ዘሎ ፀዋታታት ቀልቢ ሰሓቢ ኮይኑ እናቀፀለ እንትኾን፤ ካብተን 16 ሃገራት ናይ መጀመርያ ኣርባዕተ ሃገራት ኣብዚ ሰሙን ኣብ ዘካየድኦ ዘለዋ ፀወታት ክፍለያ ‘የን።

ኣብ ሽዱሽተ ምድባት ተኸፋፊለን እናተፃወታ ካብ ዝርከባ 24 ቡዱናት ናብ ቀፃሊ ክሓልፋ ዝኽእላ ሃገራት ኣፋፍኖት እናርኣያ እንተኾናውን፤ ብመንፅር ክሳብ ሐዚ ካብ ዝተመዝገበ ውፅኢት ኣብዚ ፀወታ ንዋንጫ ትፅቢት ዝግበረለን ሓንቲ ዝኾነትን መዳለዊት ዋንጫ ኣፍሪካ ዝኾነት ሃገረ ኮትዲቯር ካብቲ ዝካየድ ዘሎ ውድድር ብእዋኑ ካብቲ ውድድር ወፃኢ ምኳና ወይ ምስንባታ፤ ነተን ዓበይቲ ክለባት ዝብሃላ ‘ውን ኣብ ፀቕጢ ውሽጢ ዝኣተወዋሉን ብዙሕ ግምት ዘይተወሃበንን ዘይተሓሰባን ክለባት ድማ ጥንኩራት ኮይነን ምርካበን፣ ነቲ ኣውዲቅካ ምሕላፍ ዝሓልፉ ክለባት ኣቀዲምካ ንምግማት ኣፀጋሚ ዝኾነሉ መበል 34ይ ዋንጫ ኣፍሪካ ድራማዊ ብዝምስል ፍፃመታት ተመሊኡ ምክያዱ ይቅፅል ኣሎ።

ልዑል ስም ዘለወን ክለባት ኣፍሪካ ከምቲ ትፅቢት ዝግበረሎም ብዘይሙኳኖም ተኸቲሉ ዋንጫ ከልዕል ዝኽእል ካብ ሓደሽቲ ክለባትዶ ይኸውን ብዝብል ናይ ብዙሓት ሕቶ ኮይኑ ይርከብ። ኣብ ቅድሚ ጀግና ኩዖሶ እግሮም ዝኾነ ዲዲየር ድሮግባን ኣብ ቅድሚ ህዝቦም ካብቲ ውድድር ምስንባቶም ዘረጋገፁ እቶም ሓራምዝ፤ ትፅቢት ብዘይተገበረሉ ኩነታት ብኢኳቶሪያል ጊኒ ብዝተቆፀረሎም 4 ሽቶታት ሽንፈት ተጎልቢቦም ‘ዮም። ኣጀማምርኦም እምበር ኣወዳድእኦም ዘይጥዓሙ ተኸቲሉ ደገፍቶም ብምሒር ሕርቃን ካብ ስታዲየም ወፃኢ ዝረኸብወን ኣውቶቡሳት ከይተረፋ ብምስባር ስምዒቶም ክገልፁ ተራእዩ ‘ዩ።

ንኻልኣይ እዋን ካብ ምድብ ፀወታቶም ሓሊፎም ተነሓናሕነቶም ንምምስካር ዘይከኣሉ ጋናውያን ካብቲ ውድድር ምስንባቶም ተኸቲሉ፤ ደገፍቶም ኣብ ልዕሊ ኣባላት እቲ ክለብ ካብ ስታዲየም ወፃኢ ብምሕላው ሕርቃኖም ንምርኣይ ፈቲኖም ‘ዮም። ዋንጫ ንኽዓትሩ ትፅቢት ካብ ዝግበረሎም ካሊእ ክለብ ካሜሮን ብተመሳሳሊ ውፅኢቱን ውድድሩን ፍሉይ መልክዕ ንክህልዎ ካብ ዝገበሩ ተርእዮታት እዚ ሰሙን ሓደ ‘ዩ።

ምስ ሞዛምቢክ፣ ጋናን ኬፕቨርዴ ማዕረ ብምፍልላይ ብዝኣከበቶም ሰለስተ ነጥብታት ናብ ቀፃሊ ዙር ምስግጋራ ኣብ መወዳእታ ሰዓት ዘረገፀት ሃገረ ግብፂ ድማ ኣብቲ ውድድር ካብ ዘደንቁ ክለባት ሓንቲ ኮይና ተራእያ ‘ያ። ናይ ብዙሕ እዋን ተዓዋቲት ዋንጫ ኣፍሪካ ዝኾነት ግብፂ ኣብ ዝገበረቶ ክልተ ፀወታት ኣብ ተወሳኺ ሰዓታት ዘቖፀረተን ሽቶታት ካብ ውድቀት ኣትሪፈንኣ ‘የን። ከም ዓይኒ መርፍእ ዝፀበበ መሕለፊ ዕድል ዝተጠቀሙ ፈርኦኖት ምስ ጋና 2 ማዕረ ኣብ ዝተፈላለይሉ ፀወታ ጉድኣት ዘበፅሖ ብሄራዊ ጀግናኦም ሞሓመድ ሳላህ፤ ሕሽዎ ናብ ዋንጫ ኣፍሪካ ናይ ምምላስ ዕድል ከምዘይብሉ ምስምዑ ንግብፃውያን ርእሲ ሕማም ኮይንዎም ይርከብ።

ወሰንትን ናይ መወዳእታን ዝኾኑ ናይ ምድብ ፀወታት ካብ ትማሊ ጀሚሮም ዝቀፀሉ እንትኾኑ፤ ምድብ ሓሙሽተ ኣብ ምምራሕ እትርከብ ማሊ ንናሚቢያ ክትገጥም ‘ያ። ንምሕላፍ ማዕረ ምውፃእ ጥራሕ ትፅቢት ዝገበረላ ደቡብ ኣፍሪካ ድማ ብሓደ ነጥቢ ኣብቲ ደረጃ ሰደቃ ኣብ መወዳእታ ተቀሚጣ ናብ ቀፃሊ ምዕራፍ ምሕላፋ ኣብ ሕቶ ውሽጢ ምስ ዝኣተወት ቱኒዚያ ክትፃውት ‘ያ። ኣብ ምድብ ሽዱሽተ ኣብ ምምራሕ እትርከብ ሞሮኮ ምስ ዛምቢያና ዴሞክራቲክ ኮንጎ ብማዕረ ነጥቢ ምስ ዝተፈላለየታ ዛምቢያ ክትራኸብ ‘ያ።

በመጀመሪያ ፀዋታ ብሞሮኮ ሰለስተ ንባዶ ሽንፈት ዝበፅሓ ናይ መምለሲ ቲኬታ ኣቀዲማ ዝቆረፀት ታንዛኒያ ድማ ጥንክርቲ ተነሓናሒት ምስ ዝኾነት ምስ ዴሞክራቲክ ኮንጎ ናይ ስንብት ፀወታ ክተካይድ ‘ያ። ኮትዲቯር ሓዊሱ ከካብ ምድበን ሳልሳይ ብርኪ ብምሓዘን ናብ 16 ምሕዋስ ዝተሰኣነን ክለባት ኣርባዕተ ሙሩፃት ሳልሳይ ኮይነን ናብ ካልኣይ ዙር ንምሕዋስ ዕድለን ዝፅበያ ክኾና እየን።






## ባህላዊ ፀወታታት ኣብ በዓል ጥምቀት!

**መኣዲ ጥበብ**

**መሰረት ገብረዮሃንስ**

መግለፂ መንነትና ካብ ዝኾኑ ባህልናን ታሪኽናን ሃይማኖትናን ብሓፈሻ እንኽብሮም ዝተፈላለዩ ዘይድህሰሱ ሓድግታትና በዓላትናን መርኣያ ዘለና ባህላዊ ፀጋታት ‘ዮም። ኣብ ትግራይ ኣብ ዝተፈላላዩ ኸባባታት ሃይማኖታዊ ባዓላት ዝኽበሩ ኾይኖም፤ ኣብ ሓደ ሓደ ቦታታት ድማ ብፉሉይ ትኹረትን ብፈሉይን ድሙቕን ዝኸበረሎም ኸባብታት ኣለዉ ‘ዮም ። ንኣብነት እንተሪእና ‘ውን “ኣሸንዳ” ኣብ መቐለን ዓብይ ዓድን “ዓይኒ ዋሪ” ብዝብል ስም ድማ ኣብ ኣክሱምን ከባቢኡን ካብ ኻልኦት ኸባብታት ብፍሉይ ብድሙቕ ክኽበሩ ንዕዘብ። ከምኡ ‘ውን በዓል ሕዳር ፅዮን እንተሪእና ብመላእ ኢትዮጵያውያን ብሃንቀውታ ዝፅበይዎ ምስ ጥንታዊ ኣክሱም ሃወልቲ በቢ ዓመቱ ብድምቀት ዝኽበርን ብዙሓት ቱሪስታት ዝርከብሉ ታሪኻዊ ቦታ ‘ዩ። መስቀል እንተሪእና ድማ ኣብ ከተማ ዓዲ ግራት ከባቢኡን ምስ ባህላዊ መለሊይኡ ምግቢ ጥሕሎን ሜስን ዝኽበር ‘ዩ።

ናብዚ ናይሚ ትኹረትና እንትንኣቲ ቅድሚ ሒደት ማዓልትታት ዘሕለፍናዮ ባዓል ጥምቀት ኣብ መላእ ትግራይ ብድምቀት ዝተኸበረ ኾይኑ ብፍላይ ድማ ኣብ ራያ ማይጨው ብፉሉይ ተኸቢሩ ‘ዩ። መግለፂ ፍቕሪ፣ ሓልዮትን ልግስናን ራየቶት ብተግባር ዝርኢ ፀባን ርጉኦን ዘይፍልየሉ፤ መግለፂ ፍቕሪ፣ ምቁር ባህልን ማንነትን ካብ ዝኾነ ራያ ጉማየ ከም ማይዓይኒ ዝፈሰሉ፤ ኮታስ ከም ቅልስ ወይ ግድል ዝበሉ ተፋቃዒ ባህላዊ ፀወታት ዝርኣየሉ ከባቢታት ብፍላይ ድማ ከተማ ማይጨው ጥምቀት ንምኽባር ካብ ዝተፈላለየ ኸባቢ ዝጓዓዘሉ ‘ዩ።

ሎሚ ዘመን ‘ውን ከምቲ ልሙድ ማይጨው ከም ቀደማ ደሚቓ ባዓል ጥምቀት ኣሕሊፋ ‘ያ። ከምዝፍለጥ ታሪኻዊት ከተማ ማይጨው፣ እምባ ኣላጀ፣ ካብ ትግራይ እቲ ዝዓበየ ጎቦ ፅበት፣ ብሕታዊ ተፈጥሮኣዊ ቃላይ ትግራይ ዝኾነ ቃላይ ሓሸንገ፣ ደኒ ሕጉምብርዳ፣ ኮረፌ ኦፍላ/ኮረም፣ ገዳማት ማሕበር በኩሩን ኣባ ጉባን፣ መስጊድ ሕጅቢ ወራባየ ወይ ጎልጎል ራያ ንምርኣይን እቲ ኣዝዩ ምቁር ባህሊ ራያ ንምስትምቓርን ፕሬዝዳንት ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ኣይተ ጌታቸው ረዳን ሓዊሱ ካልኦት ላዕለዎት ሓለፍትን ዕድመ ዝተገበረሎም ኣጋይሽን ኣብቲ ቦታ ተረኺቦም ብድምቀት ተኸቢሩ ‘ዩ።



በዓል ጥምቀት ምኽንያት ብምግባር ባህላዊ ግድል ኣብ ከተማ ማይጨው እንትካየድ

በዓል ጥምቀት ብብርኪ ክልል በቢ ዓመቱ ኣብታ ከተማ እንትኽበር ካብ ትፈላለዩ ከባቢታት ኣጋይሽ ብምምፃእ መንእሰይ ራያ ብሁራ፣ ዓበይቲ ኣንስቲ ገዳኣማኖ፣ ስነ-ስርዓተ ዝማረ ካህናትን ካልኦት ባህላዊ ስነ-ስርዓትን ኣዝዩ ብዝደመቐ ዝኽበረላ ከተማ እያ። ብመሰረት እዚ ሎሚ ዘበን ‘ውን እታ ከተማ ዝያዳ ወቂባን ማዕሪጋን ኣጋይሻ ብምቕባል ኣታኣናጊዳ ‘ያ ።

እዚ ባዓል ጥምቀት ምኽንያት ብምግባር ብስነ ስርዓት ባህላዊ ኣከዳድና ራያ ደሚቁ፣ ብደርፊ፣ ብባህላዊ ምግብታት መስተታትን መቂሩን ከምኡ ‘ውን ብዑደት ሃይማኖታውን ታሪኻዊ ገደማት ተዓጅቡ፤ ብባህሊ ምትሕግጋዝ ንዝተፀገሙ፣ ንስድራ ስውኣት መርኣያ ሰናይ ተግባራት ዑደት ምግባር ወሲኹ ምቅማጥ እምነ ኩርናዕ ሓደሽቲ ፕሮጀክትታትን ብኤግዚብሽንን ብኻልኦት ስነ-ስርዓታት ጥምቀት እቲ በዓል ብድምቀት ተኸቢሩ ‘ዩ።

ኣብዚ እዋን ጎና ጎኒ ሃይማናታዊ ስነ ስርዓታቱ በቢ ዓመቱ ቀልቢ ብዙሓት ካብ ዝስሕብን ድርብ ድምቀት ካብ ዝሕቡ ሓደ ባህላዊ ቅልስ ወይ ግድል ‘ዩ። ግድል ካብቶም ኣብ ከተማ ማይጨው ኣዚዮም ተፈተውቲ ዝኾኑ ፃወታታት በዓል ጥምቀት ሓደ ኮይኑ ኣብ ዝተፈላለዩ በዓላት ዝፅወት ዓይነት ፀዋታ እንትኸዉን ክልተ ተመሳሳሊ ዕድመ፣ ጉልበትን ጉብዝናን ዘለዎም መናእሰያት ብድልየቶም ተመራርፆም ሓይሎም፣ ዓቅሞምን ክእለቶምን ብምፍታሽ ዝፃወትዎ ኣዝዩ ተፈታዊ ዝኾነ ካብ ዓመት ናብ ዓመት ዝፅበይዎ ባህላዊ ፀዋታ ራያ ‘ዩ። ብፍላይ ድማ ኣብ በዓል ጥምቀት ካብቲ ነቲ በዓል ዘድምቁ ፀወታታት ራያ ሓደ ኾይኑ ሎሚ ዓመት ድማ ግድል ጥምቀት ኣብ ከተማ ማይጨዉ ብርክት ዝበሉ መናእሰይ ፣ ኣጋይሽ፣ ነበርቲን ተወለድቲ እቲ ከባቢን ኣብ ዝተረኸቡሉ ብድሙቕ ኩነታት ተኻይዱ ‘ዩ።

እዚ ከምዚ ዓይነት ተፈታዊን ቀልቢ ብዙሓት ሰሓባይን ዝኾነ ፃወታናን ካልኦት ሃይማኖታዊን ባህላዊን ትውፊታትናን ብምዕቃብ ንመሰሕብን ተረባሕነትን ቱሪዝም ክ ውዕል ስለዝግባእ ብቐፃሊነት እዚ ተፈታዊ ባህሊ ተዓቂቡ ክኸይድን ዝግባእ ‘ዩ።

ኣብ ኣደባባይ ዝኽበሩ በዓላት ሃገርና ቀልቢ በፃሕቲ ዓዲ ብምስሓብ ልዑል ኢኮኖሚያዊ ረብሓ ከምዘለዎም ይፍለጥ። ኢትዮጵያ ካብ ጥምቀት ብተወሳኺ ካልኦት ዓበይቲ በዓላት ኣደባባይ ከምዘለውዋን እቶም ሃፍትታት ብዝግባእ ምሕላውን ኣብ ረብሓኻ ምውዓልን ከምዝግባእ እዚ ድማ ብፍላይ ኣብ ዕብየት ዘላ ሃገር ዓብይ ፍልፍል ኢኮኖሚ ከምዝኾነ እሙን ‘ዩ።

ሰላምን ድሕንነትን ብምሕላው ቀልቢ ዑደተኛታት ኣብ ምስሓብ ኣብ መጉዳቲ ዝነበረት ክልል በዚ ድሙቕ ዝኾኑ ሃይማኖታውን ባህላውን ባዓላት ትኹረት ብምግባር ምክሓስ ይግባእ። ጥምቀት ድኻን ሃፍታምን ከይተብሃለ ኩሉ ኣሚኑን ማዕሪጉን ናብ ኣደባባይ ወፂኡ ዘኽብሮ በዓል ስለዝኾነ፣ እዞም ከምዚ ዝበሉ ብዋጋ ዘይትመኑ በዓላት ክብሮም ብዝግባእ ብምሕላውን ብምፍላጥን ክንርበሐሎም ይግባእ።

ብቤት ሕትመት ብርሃንን ሰላምን ተሓቲሙ